# ክፍሊ ሓደ

# 1. እንታይነት ስርዓት ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ምርዳእ

## 1.1 ኣመራርሓ ስራሕ ትልሚ ውፅኢት ተኮር እንታይ ኢዩ?

ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ስራሕ ማለት፣ ናይ ምምሕያሽ ኣፈፃፅማ ትልሚ፣ ቀፃልነት ዘለዎ ስትራተጂ ኣፈፃፅማ ትልሚ ሽቶ ምቕማጥ፣ ምምዛን ኣፈፃፅማ ትልሚ፣ ናይቲ ትልሚ ኣፈፃፅማ ዝሕብሩ መረዳእታታት ምእካብ ምትንታን፣ ምኽላስን ሪፖርት ምቕራብን ከምኡውን እቲ መረዳእታ ንምምሕያሽ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምጥቃም ዘጠቓለለ ሜላ ኣከያይዳ ኢዩ።

ክፍልታት ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ስራሕ




**መግለፂ 1 ክፍልታት ስርዓት ኣመራርሓ ስራሕ ውፅኢት ተኮር**

ብቲ ልዕል ኢሉ ዘሎ ስእላዊ መግለፂ እንትርአ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ (Performance based Management) ባዕሉም ንባዕሎም ዝደጋገፉን ዝተተሓዙን ሸዱሽተ ክፋላት ዝተመስረተ እዩ። እንታይነት ሕድሕድ ክፋላት ካብዚ ንታሕቲ ተዘርዚሮም ይርከቡ፣ ንነሕድሕዶም ድማ ከምዝስዕብ ብሓፂሩ ንርኢ፣

### *1.1.1 ናይቲ ትካል ልኡኽ፣ ዕላማን ሸቶን ምውሳን/ስትራተጂክ ትልሚ ምድላው/*

*ናይ ውፅኢት ተኮር ኣፈፃፅማን ኣመራርሓ ስራሕን(Performance based Management) መሰረቱን መበገሲኡን ስትራተጂ ትልሚ ኢዩ። ስለዝኾነውን ትካላት ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስርዓት ተግባራዊ ንምግባር ክዳለው ከለዉ ኣቐዲሞም ናይቲ ትካል ልኡኽ ዕላማን ሸቶን ዘካተተ ስትራተጂክ ትልሚ ክህልዎም ግድን ኢዩ። ስትራተጂክ ትልሚ ናይቲ ትካል ላዕለዎት ኣመራርሓ ትካላት ካብዝተፈላለዩ ኣንፈታት ዝርከቡ መረዳእታታት ብምእካብ ናይ ትካሎም መፃኢ ዕድል ዝውሰንሉ፣ ናብቶም ዝተቐመጡ ሸቶታት ንምብፃሕ ሜላ ኣሰራርሓን ከይዲን ኣቐዲሞም ዝዳለውሉን ኣብ መወዳእታውን ውፅኢት ከመይ ከምዝዕቀን ዝግለፀሉ ከይዲ ስለዝኾነ ኣመራርሓ ኣካላት፣ሰራሕተኛታትን ዓማዊልን ንምንታይ ዕላማ ከምዝሰርሑ፣ ከመይ ከምዝሰርሑን ብካልኦት ተመሳሰልቲ ጉዳያት ናይ ሓባር ምርድዳእ ሒዞም ክንቀሳቀሱ ይሕግዞም።*

### *1.1.2. ዝተዋደደ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ምዝርጋሕ*

*ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ተኸቲሉ ዝመፅእ ናይ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ ከይዲ ወሳኒ ክፍሊ እንትኸውን ኣቐዲሙ በቲ ትካል ዝተቐመጡ ሸቶታት ብሰራሕተኛ ፣ጉጅለ፣መምርሒ ወይ ዘርፊን ስራሕን ትካልን ብርኪ ኣፈፃፅማ ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዘሎ ብምዕቃን ዝተረኸቡ ጠቐምቲ መረዳእታታት ብምውሳድ በቢጊዜኡ ናይ ኣፈፃፅማ ምምሕያሽ እነውዕሎ ስርዓት/መስርሕ ኢዩ።*

### *1.1.3. ንኣፈፃፅማ ትልሚ ምምሕያሽ ዘኽእል ስርዓት ተሓታትነት ምዝርጋሕ*

*ትካላት፣ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ንዘምዝግብዎ ፅቡቕ ኣፈፃፅማ ትልሚ ተሸለምቲ ከምዝኾኑ ኩሉ ንዝፍፅምዎ ጉድለታትውን ከምኣድላይነቱ ዝሕተትሉ ኣገባብ እንድሕር ዘየሊዩ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ ሙሉእ ኸኸውን ኣይኽእልን ኢዩ። ብምኳኑውን ተሓታትነት ማለት ንውለቀሰብ፣ጉጅለ ወይ'ውን ንትካል ዝተውሃበ ስልጣንን ተጠቒምካ ሓላፍነትካ ንምውፃእ ዝውሃብ ግቡእ ኮይኑ እቲ መስርሕ ግብረ መልሲ ምሃብ፣ ፀብፃብ ምቕራብን ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝተረኸበ ውፅኢት ባዓልዋና ኮይንካ ምቕባል ዝሓውስ እዩ።*

### 1.1.4. ብርኪ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምዕቃን ዘኽእል ስርዓት ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ምዝርጋሕ፣

መረዳእታ ብቐፃልነት ንዝውሰዱ ናይ ምምሕያሽ ስጉምትታት መሰረት ብምዃኑ ብጥንቓቐ ፣ብዘተኣማምንን ቐፃላይ ብዝኾነ ክእከብ ኣለዎ።

በዚ ኣቢልና'ውን መረዳእታ ክነተኣኻኽብ ከለና ኣብ ሕድሕድ ብርኪ ዝርከብ ናይ መረዳእታ ድልየት ምፍላጥን ምውሳንን ናይቲ መረዳእታ ምእካብ ትልሚ ምውፃእን፣ ኣብ መወዳእታ ምእካብ እንጥቀመሉም ሜላታት ምምራፅ እዋን ትኹረት ዘድልዮም ነጥብታት ምፍላይን ሜላ ኣትኣኻኽባ መረዳእታ ብልሓት ምቕማጥ ንቐፃላይ እቲ መስርሒ ወሳናይ ይኸውን።

### 1.1. 5. ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መረዳእታ ምትንታን፣ ምዕቃንን ኣቀራርባ ፀብፃብ ስርዓት ምዝርጋሕ

ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ ስራሕ ትንተና መረዳእታን ኣቀራርባ ፀብፃብን ዋና ዕላማኡ እቶም ዝተቐመጡ ሸቶታትን ዕላማታትን ኣፈፃፅማኦም ንምክትታል፣ ምዕቃን ኣፈፃፅማ ስራሕን ኣግባብነት ከይዲ እቲ ምዕቃን ንምግምጋምን ብርኪ ኣፈፃፅማ ስራሕናን ምኽንያቱ ብምቕማጥ ናይ መመሓየሺ ስጉምቲ ንምውሳድን ሓደሽቲ ዕላማታትን ሸቶታትን ንምቕማጥ እዩ።

ልዕል ክብል ኣብ ተራ ቁፅሪ 4ን 5 ዝተገለፁ ናይ ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ስራሕ ክፍሊታት ስለ ናይ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ፣ ምትንታንን ኣቀራርባ ፀብፃብን ዘዘኻኽሩ ብምዃኖም ኣብ ሓደ ተጠቓሊሎም ስርዓት መረዳእታ ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ስራሕ ክበሃል ይከኣል።

### 1.1.6. መረዳእታ ኣፈፃማ ስራሕ ብምጥቃም ኣሰራርሓ ንምምሕያሽ ዘኽእል ስርዓት ምዝርጋሕ፣

ናይ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣሰራርሓ ውፅኢት ተኮር ናይ መጨረሻ ሸቶ ምምሕያሽ ኣፈፃፅማ ኢዩ። ትልሚ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝወፅእ ፣ ንምዕቃን ዘገልግሉ መረዳእታታት ዝእከቡ ፣ ኣፈፃፅማ ዝዐቀነሉ፣ ነቲ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣፍልጦ ዝወሃቦን ካልኦት ትካላዊ ምምሕያሽ ንምምፃእን ተባሂሉ ኢዩ።

ስለኾነ'ውን ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ቀፃላይ ዝኾነ ናይ ኣሰራርሓ ከይዲን ናይ ምፍፃም ዓቕምን ምምሕያሽ ኢዩ።

## 1.2 እንታይነት ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ(Performance based management)

ትርጉም ፣ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ (Performance based Management) ትካላት ፣ ስራሕ ዘርፍታት፣ ጉጅለታትን ሰራሕተኛታትን ኣብዝተወሰነ ናይ ምዘና እዋን ውሽጢ ዝፍፅምዎ ናይ ስራሕ ትልሚ ተፈልዩ ዝዳለወሉ፣ትልምታት ኣብዝፍፀምሉ እዋን ድኽመታትን ጉድለታትን ከይፍጠሩ ኣቐዲምካ ግቡእ ሓገዝን ክትትል ዝግበረሉ ፣ ጉድለታት ክፍጠሩ ከለዉ ድማ ሽዑ ንሽዑ ዝእረመሉ፣ ምዕቡል ኣፈፃፅማ ዝበረታትዕሉ፣ ፈፀምቲ ትልሚ ዝተውሃቦም ትልሚ ስራሕ በቲ ዝድለ ውፅኢት ዝፈፀሙ ምኽኖም ከከምኩነታቱ ብሓባር ወይድማ ብተናፀል ዝዕቀነሉን ካብቲ ዝተረኸበ ውፅኢት ብምብጋስ ኣፈፃፅማ ስራሕ ብቐፃሊ ንምምሕያሽ ሰራሕተኛታት መበራቲዒ ክረኽቡ ዝገብር ዘየቋርፅ ናይ ኣሰራርሓ ከይዲ ኢዩ።

### *1.2.1 ከይዲታት ትልሚ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ*

ውፅኢት ምዕቃን ካብቶም ናይ ትልሚ ኣመራርሓ ስራሕ ከይዲታት ሓዲኡ እኳዳኣስ ብጥቕሙ ኣንፃር ክረአ እንከሎ ኣብ ትሑት ብርኪ ዝምደብ እንዳሃለወ ብልምዲ መብዛሕቲኦም ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ ኣብ ቁፅፅር ዘድሀበ ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ ናይ ምክያድ ስራሕ ጥራሕ ገይሮም ዝኣምኑሉ ከምዘለው ይረአዩ። ይኹንእምበር ትልሚ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ(Performance based Management) ማለት፣

- ብዙሕ ፃዕሪ ዝሓትት ምትላምን ትፅቢት ዝግበረሎም ውፀኢታት ምንፃር (Planning)
- ትልሚ ኣፈፃፅማ ብዘይ ምቁራፅ ምክትታል(Monitoring)
- ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ምዕባይ (Developing)
- በቢጊዚኡ ኣፈፃፅማ ምዕቃን (Rating)
- ንፅቡቕ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣፍልጦ መሃብ (Rewarding)

ዘጠቓልል ዘየቋርፅ ከይዲ ኢዩ።



Developing

መግለፂ 2 ከይዲታት ትልሚ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ

## ምትላም

ማለት ናይቲ ትካል/ቤት ፅሕፈት ልኡኽ ዘዐዉቱ ሽቶታትን ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ምስ መለኪዒኦም ፈልይኻ ብምውፃእ ንሕድሕድ ትካል፣ ዘርፊ ስራሕ፣ ወይ ሰራሕተኛ ንኽተግብሮ ናይ ምሃብ ከይዲ ኢዩ።

## ምክትታል፣

ምክትታል ማለት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብተኸታታሊ ምግምጋም ፣ምዕቃንን ናይቲ ገምጋም ውፅኢት ድማ ሰራሕተኛታትን ጉጅለ ስራሕ ክፈልጥዎ ምግባር ማለት ኢዩ።

እዚውን ሰራሕተኛታት ካብዝተቐመጠሎም ናይ ኣፈፃፅማ መለክዕታት ኣንፃር ትልምታቶም እንዳኣዕወቱ ምኳኖም ንምርኣይን ፀገም ዘለዎም ወይ ድማ ኣብ ተግባር ከውዕሉ ዘይኽእሉ መዐቀኒታት ንምቕያር ሓለፍቲ ዕድል ክረኽቡ ይገብር፣

## ዓቕሚ ምዕባይ

ዓቅሚ ምዕባይ ማለት ብስልጠና፣ ሓደሽቲ ክእለታት ንምፍጣር ዘኽእሉ ስራሕትን ናይ ስራሕ ሓላፍነትን ብምሃብ፣ ከይዲ ስራሕ ብምምሕያሽ ወይውን ካልኦት ሜላታት ብምጥቃም ናይቲ ሰራሕተኛ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ምምሕያሽ ማለት ኢዩ።

## ምዕቃን

ምዕቃን ማለት ናይቲ ሰራሕተኛ፣ ዘርፍ ስራሕን ናይቲ ትካል ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስ ኣቐዲሞም ዝተቐመጡ ናይ ኣፈፃፅማ መዐቀኒታት ብምንፃር ምግምጋምን

ዝተጠቓለለ ነጥብን ብርክን ምሃብ ማለት ኢዩ።

## ምሸላም

ምሸላም ማለት ንትካል፣ ንዘርፊ ስራሕ ከምኡውን ንሰራሕተኛታት ብውልቀ ወይ ድማ ከምኣባል ጉጅለ ኣብ እዋን ኣፈፃፅማ ትልሚ ናይ ቤት ፅሕፈቶም /ትካሎም/ ልኡኽ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንዝተረኸበ ውፅኢት ኣፍልጦ ገንዘብ ወይ ድማ ብገንዘብ ዝግለፅ /መበረታትዒ/ ምሃብ ማለት ኢዩ።

ውፅኢታዊ ዝኾነ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ ፕሮግራም ክዳሎ ከሎ ናይቲ ቤት ፅ/ት ልኡኽ፣ ስትራተጂካዊ ትልምን ሽቶን ዝተተሓሓዘ፣ ንናይ ላዕለዎት ኣመራርሓ ኣካላት ውሳነ ንምሃብ ሓጋዚ ዝኾነ፣ ናይ ተጠቀምቲ ድልየት ዘገናዘበ፣ ተሓታትነት ዝሓወሰን ክዕቀን ዝኽእል እንትኾውን ኣብ ኣከያይድኡ ድማ ሰራሕተኛታት ዘሳተፈ፣ ትፅቢት ዝግበረሉ ዝመመየ፣ ተኸታታሊ ዝኾነ ግብረ መልሲ ዝህብ፣ ብርኪ ኣፈፃፅማ ዝፈለየን ነቲ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣፍልጦ ዝህብ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ብውፅኢቱ ኣፈፃፅማ ዝማሓይሽን ተሓታታነት ብምትግባር እምነት ዝፈጥር ኣሰራርሓ ኢዩ።

ብሓፈሽኡ ኣፈፃፅማ ኣመራርሓ ስራሕ ብዝተቐናጀወ ስትራተጂካዊ ከይዲ ናይ ውልቀሰብ ፣ ናይ ጉጅለን ትካል ፈፀምቲ ሓላፍነትን ናይምፍፃም ብቕዓት ብምዕባይ ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ትካል ኣፈፃፅማ ዕብየት ዝህብ ናይ ኣመራርሓ ስራሕ መሳርሒ ኢዩ።

# ክፍሊ ክልተ

## 2. መሰርሕ ምዕቃን ኣፈፃፅማ ስራሕ ትልሚ ውፅኢት ተኮር

### 2.1 እንታይነት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ስራሕ ትልሚ ውፅኢት ተኮር

ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ሓደ ናይ ስራሕ ዘርፊ ወይ ትካል በቲ ኣብ ልዕሊ ክበፅሖ ዝድለ ጥቅልል ብዝበለ ምልክዑ ዝተቐመጠ ዕላማ (Goal) ተመስሪቱ ናብ ዕላማኡ ከብፅሕዎ ዝኽእሉ ናይ ትካል ወይ ዘርፊ ስራሕ ፍፃመታት ኣካይዳ ብምቁፅፃር፣ ክትትል ብምግባር፣ ፀብፃብ ብምቕራብን በምቅንጃውን ቀፃልነት ዘለዎ ምዕቃን ውፅኢት ኣፈፃፅማ

ትልሚ መስርሕ ኢዩ። እዚ መስርሕ ዝፍፀመሉ ብዘርፊ ስራሕ ወይ ነቲ ትካል ብዝመርሖ ኣመራርሓ ኣካል (Management) እንትኸውን። እቶም ዝዕቀኑ ኣፈፃፅማ ትልሚ'ውን፥.

- ከይዲ ተግባራት (Process)
- ቀጥተኛ ዕውትነት ሸቶ (Out put)፣ ን/ወይ
- ዕውትነት ዕላማ (Out come)፣

ዓይነትን ብርኪን ክኸውን ይኽእል።

## *2.2 መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ እንታይ ኢዮም?*

ናይ ኣፈፃፅማ መዐቀኒ ንዝቐርቡ ፍርያት ወይ ግልጋሎትን ኣብኡ ንምብፃሕ እንኽተሎ ከይዲ ብግልፂ ዝነግረና መስፈርት ኢዩ። ኣፈፃፅማ ብምዕቃን ትካላት ወይ ዘፈራት ስራሕን ተግባራቶም ብዝግባእ ንምርዳእ፣ ንምምራሕን ንምምሕያሽን እንጥቀመሎም መሳርሒታት (Tools) ኢዮም። ውዕኢታዊ ዝኾኑ ናይ ኣፈፃፅማ መቀኒታት እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክንፈልጥ ይሕግዙና።

- ብግቡእ ወይ ትፅቢት ብዝግበረሉ መልክዕ እንዳሰራሕና ምኻንና፣
- ዝሓዝናዮም ዕላማታት(goals) እንዳዐወትና ምኻንና፣
- ተገልገልትና ይዓግቡ ምህላዎም፣
- ከይዲ ስራሕትና በቲ ዝድለ መልክዑ እናተሰርሑ ምኻኖም፣
- ምምሕያሽ ዘድሊ እንድሕር ኮይኑ ኣበይ ከባቢ ምኻኑ ፈሊኻ ንምፍላጥ ይሕግዘና፣

ናይ ኣፈፃፅማ መዐቀኒታት ዝበሰሉን ትኽክለኛ ውሳነ ንምትሕልላፍ ዝከኣል መረዳእታ እንረኽበሎም ሜላታትውን ኢዮም። ማለትውን ብትሕዝቶ (unit) ብቑፅሪ (number) ዝግለፅ ኢዮም። እቲ ቑፅሪ መጠን/ክንደይ ዝኣክል/ ዝብል እንተርእየና ትሕዝቶ ድማ እቲ ብቑፅሪ ዝዓቀናዮ ታይ ከምዝኾነ የርእየና።

መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ኩሉ ጊዜ ዝቕረፁ ካብ ዕላማ ወይ ሸቶ ብዝተተሓዘ ኩነት ኢዩ። እዞም ዝቕረፁ መዐቀኒታት ብሰዓት ፣ ብሜትሮ፣ ብቕርሺ፣ ብብዝሒ ፀብፃብ፣ ብዝርከቡ በዝሒ ስሕተታት፣ነገራት ንምዕቃን ወይ ዲዛይን ንምግባር ዝወሰዶ ጊዜ ወዘተ ክግለፁ ይኽእሉ ኢዮም፣ እዞም መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ክንጥቀም ከለና ኣብ ከይዲ ዝረአዩ ኣፈላላያት ወይውን ካብ

ዘቀረፅናዮም ዝርዝር ስራሕቲ (specification) ብዝተፈለየ መልክዕ ዝግበር ጉዕዞ ብግልፂ ክንርኢ ይሕግዙና።

መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብመብዛሕትኡ ኣብዞም ዝስዕቡ ሽዱሽተ ኣጠቓላሊ ክፍልታት ይምደቡ። ኮይኑ ግና ሓደሓደ ትካላት /ኣብያተ ፅሕፈት/ ልኡኾም ንምዕዋት ብዝጠዓሞም ናይባዕሎም ክዳልዉ ይኽእሉ ኢዮም።

**1. ውፅኢታዊነት (Effectiveness)** ብትልምና መሰረት ክንደይ ዝኣክል ዕውትነት ሽቶ ኣመዝጊብና ወይ ድማ ክይድና ክንደየናይ ዝኣክል ምስ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ይጠዓዓም/ብዝግባእ መንገዲ እንዳሰራሕና ዲና?/ ዝብል ናይ ዕውትነት ሕቶ ዝምልሰልና ኢዩ።

**2. ዕውትነት (Efficiency)** ማለት ናይ ፍርያት ወይ ኣዋህህባ ግልጋሎት ከይድና ክንደየናይ ዝኣክል ትፅቢት ምስዝግበረሉ ተመሳሳሊ ወይ'ውን ካብኡ ንታሕቲ ምኻኑ ዘርኢ/ግቡእ ስራሕ ብትኽኽል እንዳሰራሕና ዲና? / ኢልካ ምሕታት ናይ ዕውትነት ሕቶ ኢዩ።

**3. ፅሬት (Quality)** እነቕርቦ ፍርያት ወይ ግልጋሎት ብተገልገልቲ ትፅቢት ዝግበረሉን ውፅኢት ዘምፅእን ድልየቶም ዘዕግብን ብርኪ ዘማላኽት ኢዩ።

**4. ጊዜ (Time liness)** ብትልሚ ዝሓዝናዮም መደብ ብዝተመደበሉ ጊዜ ብኣግባቡ ምፍፃሙ የርኢ:: ሓደሓደ ስርሓቲ ብጊዜ ገደብ ምዕቃን ማለት ታይ ማለት ከምዝኾነ ክፍለጥ ዝግባእ እንትኸውን መብዛሕትኡ ብናይ ተገልገልቲ ድልየት መሰረት ገይሮም ዝዳለዉ ኢዮም።

**5. ፍርያት ( Productivity)** ውፅኢት ንእታወታት ተኻፊሉ ዝርከብ ሚኢታዊ ኢዩ።

**6. ድሕንነት (Safety)** ናይቲ ትካል ኣጠቓላሊ ጡዑይ ምንቅስቃስን ፣ ኩነታት ስራሕ ሰራሕተኛ፣ ኣከባቢ ስራሕን የርኢ፣ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ንምዕቃን ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ተኮር መዐቀኒታት እንትህልውዎ ብመብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ዘለዉ መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

· ***እታዎታት (Input)*** ሓደ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ኣብ ትልሚ ዝተቀመጠ ሸቶ ንምዕዋት ዝጥቀመሎም ናይ ሰብ ፣ ገንዘብ፣ ጊዜ፣ ቴክኖሎጂ ወዘተ ሃፍትታት ዝዕቅን ኢዩ።

· ***ዕውትነት ሸቶ (out put)*** ናይ ሓደ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምዕቃን ዘኽእል ኢዩ።

· ***ዕውትነት ዕላማ (out come)*** ናይ ሐደ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዘመላኽት ኢዩ።

· ***ዕውትነት ( Efficiency)*** ማለት ፍርያት ወይውን ኣዋሃህባ ግልጋሎት ክይድና ክንደይ ዝኣክል እቲ ውፅኢት ብዝተታሕዘሉ ወይውን ካብዝተተሓዘሉ ብዝነኣሰ እታዎት ብምጥቃም ተረኺቡ ዝብል ዘመላኽት ኢዩ።

* ***ፅሬት (Quality)*** እነቕርቦ ፍርያት ወይ ግልጋሎት ብተገልገልቲ ትፅቢት ዝግበረሉን ውፅኢት ዘምፅእን ድልየቶም ዝዕግብን ብርኪ ዘማላኽት ኢዩ።

ሕድሕድ መዐቀኒ እንትቕመጥ ዝተፈላለዩ ሕቶታት መልሲ ንምሃብ ክኸውን ከሎ ናይቲ ቤት ፅ/ት ወይውን ዘፈር ስራሕ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ተንቲኑ ንምዕቃን ግና ብሓባር ኣብ ጥቕሚ ከውዕል ኣለዎ። ዝተወሰኑ መዐቀኒታት ተጠቂምካ እቶም ዝተተለሙ ሸቶታት (Objectives) ውፅኢት ምምፅኡ ምዕቃን እንድሕር ተኻኢሉ ኩሎም መዐቀኒታት ምጥቃም ግድን ኣይኮነን።

ትካላት ንዘመናት ዓመታዊ ሕቶ በጀት ኣብ ዘቕርብሉ እዋን ዝተወሰኑ ናይ ኣፈፃፅማ መዐቀኒታት ወሲኾም ፀብፃብ እንዳገበሩ ዋላእኳ እንተፀንሑ ብመብዛሕትኡ ንእታዎትን ዕውትነት ሸቶን መዐቀኒታት ኢዮም ትኹረት ዝህቡ። ኣብ ፀብፃቦም ውሽጢ ናይ ዕላማ ዕውትነት (out come) ብጣዕሚ ውሱናት ኢዮም። ይኹን እምበር ከይዲ ምዕቃን ውፅኢት ብጣዕሚ ገላፂን ጠቃሚን ዝኾነ መዐቀኒ ዕውትነት ዕላማ ኢዩ። ምክንያቱ ዕውትነት ዕላማ እቲ ትካል ወይ ዘርፊ ስራሕ ድሌት ተገልገልቲ ምምልኡ ብዝሓሸ ኩነት ዘረጋግፀሉ ኣመላኺቲ ስለዝኾነ ኢዩ። ናይ ሕድሕድ ዓይነት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ቀፂሎም ብዝርዝር ቀሪቦም ኣለዉ።

***መዐቀኒታት እታዎት (Input measure)*** ትልምና በቲ ዝድለ መንገዲ ንምፍፃም ክህልወና ዝግበኦን ዘድልየናን መጠን ሃፍቲ ክንደይ ኢዩ? ዝብል ሕቶ ይምልስ።

እታዎት ከም መዐቀን ምጥቃም ዝተወሰነ ፍርያት ንምፍራይ ወይውን ግልጋሎት ንምሃብ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ሃፍቲ፣ መሳርሒ ወዘተ መጠን የማላክት፣

## * መዐቀኒታት ዕውትነት ሽቶ ( output measures) ታይ ክነፍሪ/ታይ

ዓይነት ግልጋሎት ክንህብ ከምዝግበእናን እታይታነት ተግባራት ከነጠናቕቕ ኣሎ'ዶ? ዝብል ሕቶ ዝምልስ ኢዩ። ዕውትነት ሽቶ እቶም ዝተፈፀሙ ፍፃመታት መጠንን ዘማላክት ኢዩ። ዕውትነት ሽቶ ኣብዝተወሰነ ዘፈር ስራሕ ወይ ሰራሕተኛ ዝህልው ብርኪ ፍፃመታት ትኩረት ዝህብ ኮይኑ እቲ ዘፈር ስራሕ ወይ ሰራሕተኛ ታይ ከፍሪ /ግልጋሎት ክህብ ከምዘለዎ ንምውሳን ይጠቅም። ይኹን እምበር ዕውትነት ሽቶ ናይቲ ዘፈር ስራሕ ወይ ሰራሕተኛ ዕላማ ብዝግባእ ምጥንቓቑ ( Accomplished) ከምኡውን እቶም ዝቐርቡ ግልጋሎት ዕውትነት ወይ ፅሬት ስለዘየማላኽቱ ሕፀረት ኣለዎ።

## * መዐቀኒታት ዕውትነት ዕላማ ( outcome measure) ትፅቢት

ዝግበረሉ ውፅኢት ታይ ኢዩ? ንዝብል ሕቶ መልሲ ይህብ። መዐቀኒታት ዕውትነት ዕላማ እቲ ትካል/ቤት ፅ/ት ካብዝሕሎ ውፅኢትን ተገልገልቲ ድማ ካብኡ ዝረኽብዎ ጥቕሚ ኢዩ ዘርኢየና። ዕውትነት ዕላማ ኣቀሚጥናዮ ዘለና ዕላማ ክንደይ ዝኣክል ከምእተፈፀመ ዘመላኽት ኮይኑ እቶም መዐቀኒታት ንቕድሚት ዝመፅእውን ዘመላኽቱ ኢዮም። በዞም መዐቀኒታት እዚኦም ተጠቒምካ ዝተረኽበ ናይ ማእኸላይን ነዊሕን ጊዜ ዕውትነት ዕላማ ምዕቃን ዝከኣል እንትኸውን ማእኸላይ ጊዜ ብፍላይ ነቲ ዋና ዕውትነት ዕላማ ንምዕቃን ንውሕ ዝበለ እዋን ዝወስድ እንተኸውን ቀዲሞም ንዝተረኽቡ ውፅኢታት ንምርኣይ ጥቕሚ ኣለዎም።

መራሕቲ ትካል፣ ሓንፀፅቲ ፖሊሲ፣ ተገልገልቲ ይኹኑ የእትወና በሃልቲ መብዛሕትኡ ጊዜ መዐቀኒታት ዕውትነት ዕላማ ምጥቃም ይመርፁ፣ ምኽንያቱ ልዕል ኢሉ ንምግላፅ ከምተፈተነ እዞም መዐቀኒታት እዚኦም እቲ ትካል ዕግበት ተገልገልቲ ምህላዉን ዘይምህላውን ብጭቡጥ ስለዘርኢዩ፣ ኮይኑ ግና ናይ መወዳእታ ውፅኢት ዘማላኽቱ መረዳእታታት ንምርካብ ይኹን ንምዕቃን ኣፀጋሚ ኢዩ።

## * መዐቀኒታት ፋይዳ/ለውጢ/ Impact measures/

መዐቀኒታት ለውጢ ዝዕቀኑ ናይ ትካል ወይ ዘፈር ስራሽ ዕላማታት ብምዕዋቶም ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝተረኽቡ ለውጥታት/ውፅኢታት/ እዩ፡፡ ኣብነት ለውጢ እቲ ትካል ወይ

ዘፈር ስራሕ ኣብዘይነበረሉ እዋን ዝነበረ ኹነታትን ድሕር ዕላምኡ ምዕዋት ዝተረኸበ ኣፈላላይ ወይ ውፅኢት ማለት እዩ።




መግለፂ 3

## ኣብ መንጎ መዐቀኒታት ዕውትነት ዕላማን ዕውትነት ሽቶን ዘሎ ምትሕውዋስ

ዕውትነት ዕላማ ትልምና ክንደየናይ ዕውት ከምዝኾነ ንምፍላጥ ዝሕግዘና እንትኸውን ዕውትነት ሽቶታት( out puts) በይኖም ወይውን ብተናፀል እቲ ዘፈር ስራሕ ወይ ትካል ክንደይናይ ዕውት ምኳኑ ኣየማላኽቱን ። ስለዝኾነ እቲ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ክንደይዝኣክል ስራሕ ከምዝሰርሖ ወይ እቲ ትካል/ዘፈር ስራሕ ከመይ ይሰርሕ ኣሎ? ዝብሉ ዝተፈላለዩ ኢዮም።



መግለፂ 4

ኣብ መንጎ ዕውትነት ዕላማን ዕውትነት ሽቶን ዘሎ ኣፈላላይ ከምዚዝስዕብ ክግለፅ ይከኣል።

- ዕውትነት ሽቶ ~ በዝሒ ሕክምና ዝረኸቡ ሕሙማት፣
- ዕውትነት ዕላማ ~ በዝሒ ሕክምና ረኺቦም ዓርሶም ኪኢሎም ዝነብሩ ሕሙማት፣
- ዕውትነት ሽቶ ~ ቁፅሪ ክትባት ዝተገበረሎም ተሓከምቲ፣
- ዕውትነት ዕላማ ~ ብሕማማት ናይ ምትሓዝ ኣጋጣሚ ምቅናስ

*** መዐቀኒ ዕውትነት (Efficiency measure)** ምስ ሃፍቲ ዝተታሓዘ ኮይኑ እቲ ዘሎ ሃፍቲ ብግቡእ እንዳተጠቀምናሉ ዲና? ዝብል ሕቶ ዝምልስ ኢዩ። ስለዝኾነ ናይ ዕውትነት መዐቀኒታት ሓደ ትካል /ቤት ዕሕፈት ንዘፍርዮም ምህርቲ ወይ ንዝህቦ ግልጋሎት ነቲ ዘሎ ሃፍቲ ብኸመይ ብግቡእ ተጠቒሙ ንዝብል ንምዕቃን እንጥቀመሎም መዐቀኒታት ኢዮም። ብተወሳኺ እዞም መዐቀኒታት ኢዚኦም ናይ ፍርያማነት መዐቀኒታት ብዝብል ሽም'ውን ይፍለጡ ኢዮም። መዐቀኒታት ዕውትነት ንሓደ ነገር ብተናፀል ብዝወፀ ወፃኢ (unit cost) ወይ ብፍርያትን ዕውትነት ሽቶን/ወይ ዕውትነት ዕላማ መንጎ ዘሎ ርክብ ዘማላኽቱ ኢዮም። ንሓደ ነገር ዝወፀ ወፃኢ (cost) ብቕርሺ ወይ'ውን ንሕድሕድ ዕውትነት /ሽቶ ንምዕዋት ብዝወሰዶ ጊዜ ክግለፅ ይከኣል። ናይ ዕውትነት መዐቀኒታት ልዕል ኢሉ ካብ ዝተገለፀ ካሊእ ኣብ መን ዕውትነትን ዕላማ/ሽቶን እታዎታትን ዘሎ ርክብ ይሕብሩልና።

*** መዐቀኒታት ፅሬት( Quality measure)** ድልየት ተገልገልቲ በቲ ዝድለ መልክዑ ዶ ኣማሊእና? ንዝብል ሕቶ መልሲ ዝህብ ኢዩ። መዐቀኒታት ፅሬት ናይ ተገልገልትን ይግበኣና በሃልትን ድልየትን ናይቲ ቤት ፅ/ት ሽቶ ኣብ ምዕዋት ውፅኢታዊ ምኻና የንፀባርቑ። ናይ ፅሬት መዐቀኒታት ክንብል ከለና ኣፍቲ ዘፈር ምህርቲ ወይ ዝውሃብ ግልጋሎት ዘተኣማምን (Reliability) ፣ ትኽክለኛነት Accuracy ፣ ትሕትና Courtesy ፣ ብቕዓት Competency ፣ ግቡእ መልሲ ምሃብ Responsiveness ፣ምሉእነት Completeness ወዘተ ዘማላኽቱ ኢዮም።

## ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምንታይ ንዕቅን?

ብርክት ዝበሉ ናይዚ ዘፈር ሰብሞያ ዝስማምዕሎም መልስታት ካብዚ ቀጺሎም ቀሪቦም ኣለዉ።

1. ኣብቲ ናይቲ ትካል ስትራተጂያዊ ትልሚ፣ ዕላማን ኣፈፃፅማ ትልሚ ትኹረት ክንገብርን ዝተቐናጀወ ከይዲ ክህልወና ይሕግዘና፣

2. ንላዕለዎት ኣመራርሓ ኣካላት ብዛዕባ እቲ ትካል ውዕኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምፍላጥ ወይ ፀብፃብ ንምቕራብ ዘኽእል ሜላ ይፈጥረልና፣

3. ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ምዕቃን ኣብያተ ዕሕፈት ታይ ክስራሕ ከምዘለዎን ንዘቐመጥዎም ሸቶታት ንምዕዋት ኣብ ጊዜ፣ ሃፍቲን ጉልበትን ኣጠቓቕማ ትኹረት ክገብሩ ይገብሮም፣

4. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ዝተቐመጡ ሸቶታት በብመዓልቱ ዘሎ ለውጢ ተኸታታሊ ዝኾነ ግብረ-መልሲ ብምሃብ እቲ ዝተረኸበ ለውጢ ምስቲ ተታሒዙ ዝነበረ ሸቶ ኣፈላላይ እንድሕር ተኸሲቱ ነዚ ዘጋጠመ ክፍተት ምትዕርራይ ንምግባር ይሕግዝ፣

5. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ናይ ኣመራርሓ ስራሕ ናይ ምምራሕ ብቕዓት ምዕባይ ግቡእ ዝኾነ ናይ ምፍራይን ግልጋሎት ናይ ምሃብን ሃዋህው ክህሉ ይገብር። ኣብዚ በቢጊዚኡ ናይ ሃፍቲ ምቁልቋል ዝረአየላ ዓለም ብቕዓት ኣዋሃባ ግልጋሎት ምምሕያሽ ወሳኒን ዘይሕለፍን ጉዳይ ኢዩ።

6. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ መንጎ ኣፍቲ ትካል ውሽጢ ዘለዉ /ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን/ካብቲ ትካል ወፃኢ ዘለዉ/ኣሓት ትካላት፣ ተገልገልቲ ወይ የእትወና ባህልቲ/ ዝህሉ ርክብ የጠናኽር፣ እዚውን ትኽክልኛን ዘተኣማምኑን፣ ናይቲ ትካል ቁልፊ ዝኾኑ ተግባራት ዘገልግሉ መረዳእታታት ንምርካብ ዕውት ዝኾነ ርክብ ስለዝሓትት ኢዩ።

7. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ትካላት ትልሞምን መፈፀሚ በጀቶምን ብግቡእ ንምግላፅ ይሕግዞም። ኣብዝሕዚ እዋን እቲ ሕብረተሰብ ፣ መንግስቲ፣ ሓገዝን ልቓሕ ወሃብቲ ትካላትን ኣብ ናይ መንግስቲ ፕሮግራማት ውፅኢት ተኮር ዝኾነ ኣመላኻኽታኦም እንዳወሰኸ ብምምፅኡ፣ ነቲ ዘሎ ኣጠቓቕማ በጀት ዘዋፅእን ዘየዋፅእን ምኺኑ ኣብ ሕቶ ውሽጢ ኣእትይዎ ይርከብ። ስለዚ ቖጣቢ፣ ቅልጡፍን ውፅኢታዊን ዝኾነ ኣጠቓቕማ በጀት ክህልወና ምእንቲ መስርሕ ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ምህላው ኣድላይ ኢዩ።

8. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ብሓደራ ንዝተቐበልናዮ ናይ መንግስትን ህዝብን ሃፍቲ ዘለና ተሓታትነት ኢዩ ዘርኢ። በዚ ምኽንያት ሰብ ሙያን ሓለፍቲ ስራሕን ዝፍፅምዎ መዓልታዊ

ስራሑም ዝሓሸ ሕብረተሰብ ምፍጣር ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ። ስለዚ ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ሃገራዊ ዕላማና ብምዕዋት ናይቲ ሕብረተሰብ ድልየት ምምላእና የረጋግፀልና።

9. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ስሚዒታዊነት ዝንክን ሃነፅቲ ዝኾኑ ሜላታት ኣፈታታሓ ፀገም ዝበራታትዕ ኢዩ። እቲ ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ትኽክለኛ መረዳእታ ዝተደረኸ ኣግባብ ዘለዎ ውሳነ ክንህብ ይሕግዘና።

10. ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ናይ ሓደ ትካል ትኹረት ይውስኽ። እዚ ማለት ትኹረት ክንገብረሎም ዝግበኣና ከባቢታት ዘማላክተናን ኣብዞም ከባቢታት እዚኦም ኣወንታዊ ፅዕንቶ ክንገብር ዝሕግዘና መሳርሒ ኢዩ።

11. ትልሚ ኣፈፃፅማ ትልሚ ከይዓቀና ምምሕያሽ (Improvement) ይመፅእ ኢዩ ብምባል ክንሓስብ ይኹን ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ኣበይ ከምዘለኻ እንድሕር ዘይፈለጥካ ናበይ ከምትኸይድ ምፍላጥ ይኹን ናብዝሓሰብካዮ ቦታ እርግፀኛ ኮይንካ ክትበፅሕ ኣይትኽእልን። ብኻሊእ ኣባሃህላ ብዘይፍለጥ ከባቢ ካርታ ወይውን ኣንፈት ዝሕብር መሳርሒ ከይሓዝካ ምጓዓዝ ተመሳሳሊ ኢዩ።

ምኽንያቱ ብጠቕላላ ምጥፋእ ስለዘስዕብ።

## ፅቡቕ ባህሪ መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ

ፅቡቓት መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንተጠቀምቶም ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኽእል ጠቓሚ መረዳእታ ይህቡ። መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብዙሓት ጠቐምቲ ዝኾኑ ባህሪታት እንትህልዉዎም ቀንዲ ቀንዲ ዝኾኑ ቀፂልና ንርኢ።

## 1. ገለፅቲ ክኾኑ ኣለዎም ( Informative) ፣

- ***ግልፂ ( Clear)*** ዝኾነ ሰብ ክርደኦም ብዝኽእል መልክዑ ክዳለዉ ኣለዎም፣ ብተወሳኺ ሞያዊ ቴክኒካልን ቃላት ዝኾኑ ብግልፂ ክትርጉሙ ኣለዎም፣
- ***ቀለልቲ ( Simple)*** ክኾኑ ኣለዎም። ንምስትዋስ ይኹን ንምትርም ዘየፅግሙ ክኹኑ ኣለዎም።

- ***ኩሉ ዝሓዙ (Comprehensive)*** ክኸኑ ኣለዎም። ኣብ ትካላት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዙሪያ ዘለዉ ቁልፉ ጉዳያት ዘካተቱ ክኾኑ ኣለዎም፣
- ***ናይ ሓላፍነት ምትእስሳር ይፈጥር (Responsibility Linked) ንምዕዋት*** ኣፈፃፅማ ትልሚ ሽቶታት ናይ ሰራሕተኛታት፣ ሓለፍቲ ስራሕን ሓላፍነት ዝተኣሳሰረ ክኸውን ኣለዎ።

## 2. ሓበርቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ምምሕልላፍ

- ***ትርጉም ዘለዎ (Meaningful)*** ምስቲ ትካል ዕላማታትን ሽቶታትን ብቐጥታ ዝተታሓሓዙ መረዳእታታት ክህቡ ይግባእ።
- ***ቅቡል Acceptable*** - ኣብቲ ትካል ውሽጢ ብዘለዉ ሰራሕተኛታትን ሓለፍቲ ስራሕን ተቐባልነት ክርከብ ኣለዎ።
- ***ዓሚል ተኮር Customer Focused*** - ናይቲ ትካል ዓማዊልን የእትወና በሃልትን ኣተሓሳስባን ድልየትን ክንፃባርቕ ኣለዎ።

## 3. ናይ ተግባር መሳርሒ ኢዩም።

- ***ግቡእ Valid*** መረዳእታ ጠቓሚ ኢዩ፣ ክንዕቅኖ እንደሊ ይዕቅነልና ከምኡውን ቀጥተኛን ትኽክለኛን ዝኾነ መዐቀኒ ይህበና።
- ***ሚዛናዊ Balance*** - ዝተፈላለዩን ብዙሓትን መዐቀኒታት ዘካተተ ኢዩ። ንኣብነት ብዓይኒ ተገልገልቲ፣ ካብ ውሽጣዊ ከይዲ ኣሰራርሓ፣ ካብ ኣጠቓቕማ በጀትን ካብ ምምሃርን ምምሕያሽን ኩነታት ሽቶታት ብምቕማጥ ሚዛናዊ ዝኾነ ውፅኢት ንኽንረክብ ዝሕግዘና መሳርሒ ኢዩ።
- ***ብጊዜ ምውሳን Timely-*** መረዳእታ በቲ ዝድለ ጊዜ ክንጥቀመሉን ፀብፃብ ክነቕርብን ዝሕግዘና መሳርሒ ኢዩ።

- ***ዘተኣማምን Reliable -*** ኣብ ትኽክላኛ መረዳእታ መሰረት ዝገበረ በቢጊዜኡ ተመሳሳሊ መረዳእታ ዝህብ ኢዩ።
- ***ወፃኢ ዝቑጥብ Cost Effective -*** ተቐባልነት ብዘለዎ ኣተኣኻኽባ መረዳእታን ኣጠቓቕማ ወፃኢ መሰረት ዝገበረ ኢዩ።
- ***ዝስማዕማዕ Compatible -*** ኣብዚ እዋን ካብዘሎ ናይ ፋይናንስን ካልኦት ናይ ኣሰራርሓ ስርዓታት ዝጠዓዓም ክይዲ ኢዩ።
- ***ተነፃፃሪ Comparable -*** ድሕሪ ጊዜ ምስ ካልኦት መረዳእታታት ንምንፅፃር ይጠቅም፣

## *ኣብ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት*

ኣብ ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ፀገም ዘየጋጥሞ ትካል ኣሎ ኢልካ ምሕሳብ ብጣዕሚ ኣፀጋሚ ኢዩ። ትካላት ብተዳጋጋሚ ዝፍፅምዎ ስሕተት ብጣዕሚ ብዙሓት ነገራት ምዕቃን እንትኸውን ቀፂሉ ዝረአ ፀገም ድማ ብጣዕሚ ውሑዳት ዝኾኑ ነገራት ጥራሕ ምዕቃን ኢዩ። ናይ ትካል /ቤት ፅሕፈት/ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ካብዝጀመሩ ሓደሓደ ትካላት ዝተርኣዩ ዋናዋና ፀገማት ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ክኾኑ ከለዉ እዞም ስሕተታት ንዘይምድጋም ፃዕሪ የድሊ።

## *1. ቡዝሓት መረዳእታታ ምእካብ*

ናይቲ ትካል ሓላፍነትን ሰራሕተኛታት ነቶም መረዳእታታት ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብግቡእ ንኽይጥቀሙሎም ዕንቅፋት ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፣

## *2. ኣብ ናይ ሓፂር ጊዜ ሸቶታት ጥራሕ ትኹረት ምግባር*

በጀትን ዕለታዊ ስራሕቲ ኣብዝምልከቱ መረዳእታታት ጥራሕ ብምእካብ ንናይነዊሕ ጊዜ መዐቀኒታት /ንተገልገልቲ ሰራሕተኛታትን ዕግበት፣ ንምህርቲ ወይ ግልጋሎት ፅሬትን ንናይ ህዝቢ ሓላፍነት ምውፃእ ወዘተ/ እኹል ትኹረት ኣይህቡን።

## *3. ኣብ መረዳእታ ተደሪኽካ ውሳኔ ዘይምሃብ*

ብዙሓት ሓለፍቲ ሪፖርት ዝተገበረሎም መረዳእታ ንነዲና ብምግዳፍ ብስሚዒትን ጊዚኡ ብዝሓለፎ መረዳእታ መሰረት ገይሮም ብምውሳን ኣብ ዝተሰሓሓተ መደምደምታ ይበፅሑ፣

## 4. መረዳእታ ካብ ዝግበኦ ንላዕሊ ምፅማቕ ወይ ምጥቕላል ( Dumping) ፣

ሓደሓደ ጊዜ መረዳእታታት ካብዝግበኦም ንላዕሊ ተጠቒሊሎም ስለዝቐርቡ ትርጉም ኣልቦ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ብምኳኑውን ትካላት መረዳእታ መሰረት ጉዳዩም ትርጉም ዘለዎ ውሳነ ንምውሳን እቶም ዝእከቡ መረዳእታታት ቀለልቲን ግልፂ ኮይኖም በቲ ዝድለ ደረጃ ተጠቓሊሎም ብፀብፃብ መልክዕ ክቐርቡ ኣለዎም።

## 5. ብጣዕሚ ኣናእሽተይ ዝኾኑ ነገራት ምዕቃን ፡፡

ብዙሓት መረዳእታታት ክንጥቀም ከለና ፀገም ከምዘጋጥሙና ኩሉ ብጣዕሚ ውሑዳት መረዳእታታት መሰረት ገይርና እንህቦ ውሳኔ እውን ናይ ባዕሉ ፀገም ኣለዎ። ሓደሓደ ኣብያተ ፅሕፈት ብጣዕሚ ውሑዳት ዝኾኑ ቁልፉ ጉዳያት ጥራሕ ብምዕቃን ናይ ቤት ፅሕፈቶም ሓፈሻዊ መልክዕ ንምፍላጥ ፈተነ ክገብሩ ይረኣዩ። መብዛሕትኡ ጊዜ ትኹረት ዝህበሉ ዕግበት ዓማዊልን ዝመሳሰሉን ንጉድኒ ብምግዳፍ ኣብ ወፃኢ ጥራሕ ትኹረት ብምግባር ኢዩ።

## 6. ወጥነት ዘይብሎምን ነንባዕሎም ዝጋጨውን ኣድላይ ዘይኮኑ መረዳእታታት ምእካብ

ኩሎም ዝእከቡ መረዳእታታት ናይቲ ትካል ሽቶ ንምዕዋት ዝሕግዙ ክኾኑ ኣለዎም። ነንባዕሎም ዝጋጨው መረዳእታታት ንኣብነት፣ ወፃኢ ንምቕናስ ተባሂሉ ኣብ ሓደ ትካል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዝጥቀሙሉ ናይ ቦታ ስፍሓት ምቕናስ ምእንቲ ክከኣል ዝውሰድ መለክዒን ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ መገልገልቲ ዘለዎም ዕግበት  መለክዒ ምውሳድ ይከኣል። በዞም መዐቀኒታት መሰረት ቦታን ግልጋሎትን ብግቡእ ምጥቓም እንተኻኣልና’ውን ናይ ሰራሕተኛ ኹነታትን ምቾትን ብምቕናስ ኣሉታዊ ተፅእኖ ከሕድር ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ዕላማ እቲ ትካል ከዕውት ዝኽእል ጠቓሚ መዐቀኒ ክንጥቀም ይግባእ፡፡

## 7. ዘየድሊ ውፅኢት ዘኽትሉ መዐቀኒታት ምጥቃም፣

ሓደ ሓደ ጊዜ ብሓደ ነገር ብጣዕሚ ልዑል ውፅኢት ምምፃእ ነቲ ካሊእ ዝጎድኦ ኣጋጣሚ ኣሎ። ኣብነት ሓደ ቤት ብልዒ ናይቲ ትካል ዕውትነት (Efficiency) ንምዕቃን ብኽነት ዝተዳለዉ ምግብታት ምቕናስ ከም ሓደ መዐቀኒ ገይሩ ወሲዱ ንበል። ክግለፅ ከሎ ዝተሸጡ ምግብታት ንዝተዳለዉ ምግብታት ምምቃል ኢዩ ነይሩ። እቲ ቤት ብልዒ መዐቀኒኡ 100%  ዕውትነት

ንምምፃእ ዝተጠቐመሉ ስልቲ ተመጋቢ ክእዝዝ ከሎ ጥራሕ ሰራሒኻ ምቕራብ ዝብል ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ውፅኢት ክረአ ከሎ እቲ ዝተሓሰበ 100% ዕውትነት ዝተረኸበ ክኸውን ከሎ ብተመገብቲ ምምፃእ ክረአ ከሎ ግና ብጣዕሚ ኢዩ ቀኒሱ። እቲ ምንታይ እቶም ተጠቀምቲ ምግቢ ክሳብ ዝዳሎ ብዙሕ ጊዜ ስለዝፅበዩ ካልኣይ ጊዜ ኣይምለሱን። ካብዙይ እንርደኦ እዚ ቤት ብልዒ እዙይ ዝተጠቐመሉ ናይ ዕውትነት መዐቀኒ ዘይድለ ውፅኢት /ናይ ተመገብቲ ምትራፍ ወይ ዘይምምላስ/ ኣስዒቡ። ስለዚ ናይ ትካል/ቤት ዕሕፈት/ መዐቀኒታት ክነዳሉ ከለና ጊዜ ናይቲ መመዘኒ ውፅኢት ብኹሉ ነገር ኣጋላቢጥካ ዝህቦ ጥቕሚ ምፍታሽ የድሊ።

## 8. ኣድላይ ዘይኮነ ንሕንሕ ኣቲኻ ናይ ጉጅለ ስራሕ ምድኻም።

ናይ ሓደ ሓደ ስራሕ ክፍልታት ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስ ካሊእ ስራሕ ክፍሊ ወይ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስ ናይ ካሊእ ሰራሕተኛ ክነዋዳድር ከለና ሓደሓደ ጊዜ ባዕልኻ ኣብሊፅካ ንምቕራብ ዘሎ ድልየት ናብ ዘይድለ ንሕንሕ ብምእታው ባሓባር ናይ ምስራሕ ባህሊ ከዳኽሞ ይኽእል። ብኻሊእ ኣበሃህላ ሰራሕተኛ ምስ ሰራሕተኛ ስራሕ ክፍሊ ምስ ስራሕ ክፍሊ ክነዋዳድር ከለና እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ጉጅለ ስራሕ ንነድኒ ገዲፎም ብተናፀል ብምስራሕ ናይቲ ትካል ዕላማ ንምዕዋት ክግበር ዝነበሮ ምትሕግጋዝ ስለዘጥፍእ።

## 9. ክትግበሩ ዘይኽእሉ መዐቀኒታት ምዝርጋሕ፣

መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስ ናይቲ ቤት ፅ/ት በጀትን ናይቲ ሰራሕተኛ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ዝተጠዓዓሙን ክትግበሩ ዝኽእሉን ክኾኑ ኣለዎም። ምኽንያቱ ዘይብፅሑ ሽቶታት ናይቲ ሰራሕተኛ ሞራል ናይ ምጉዳእ ዓቕሞም ብጣዕሚ ልዑል ኢዩ።

## 10. መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ክተኣሳሰሩ ዘይምግባር፣

መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስቲ ትካል ስትራተጂያዊ ትልሚ ክተኣሰሰሩን ኣፍቲ ትካል ውሽጢ ንታሕቲ፣ ንላዕሊ ወይ ኣግድሞ ክቀናጀው ይግባእ።

መዐቀኒታት ኣፈፃፅመና ትልሚ ምስቲ ናይቲ ትካል ስትራተጂያዊ ትልሚ ዘይምትእስሳር ማለት ማይ ኣብዘይብሉ ጀልባ ከምምቕማጥ ይቑፀር።

## 11. ክትትል ኣፈፃፅማ ትልሚ ተሎ ተሎ ወይ ብጣዕሚ ደንጉዩ ምክያድ።

ኣፈፃፅማ ትልሚ ብጣዕሚ ተሎ ተሎ እንዳበልካ ምክትታል ኣድላይ ዘይኮነ ናይ ጉልበትን ጊዜን ምብኻንን ከምኡ'ውን ኣድላይ ዘይኮነ ወፃኢ ክዳርገና ከሎ፣ ብጣዕሚ ደንጉኻ ክትትል ምክያድ ድማ ፀገማት ብጊዚኡ ተረዲኢኻ ንክይተስተኻክል ይገብረካ። ስለዝኾነ ሚዛኑ ዝሓለወ ክትትል እንገብረሉ ጊዜ ክህልወና ይግባእ።

## 12. ተገልገልቲ ኣብ ግምት ውሽጢ ዘይምእታው/ምርሳዕ/

መብዛሕትኡ ጊዜ ኣመራርሓ ቤት ፅሕፈት ክምርምሮን ክቆፃፀሮን ዝኽእል ናይቲ ቤት ፅሕፈት ውሽጣዊ ኩነታትን ከይዲን ኣብ ምዕቃን ኢዩ ዘድህብ። ይኹንእምበር ኣብ ግሁድ ናይ ሓደ ትካል ምንቅስቃስ ዝውሰን ብተገልገልቲ ስለዝኾነ እዙይ ኣብ ግምት ዘየእተወ ምዕቃን ውፅኢታዊ ክኸውን ኣይኽእልን። ነዚውን ኢዩ ዝተዋፅኣለም ዝበሃሉ ትካላት ድልየት ተገልገልቶም ቅድሚ ኩሉ ዘቐድሙ።

## 13. ሃነፅቲ ዘይኮኑ ሕቶታት ምሕታት/ብኽፉእ ዓይኒ ምርኣይ/

ሓሓሊፉ መራሕቲ ትካላት/ ኣብያተ ፅዮ ዝተፈጠረ ስሕተት ታይ ከምዝኾነ ከክንዲ ምሕታት ነቲ ፀገም ዝፈጠረ ሰብ መን ኢዩ ኢሎም ምሕታት የቕድሙ።

መልሱ ካብቲ ከይዲ ስራሕ ክረኽቡ እንዳተገበኦም ኣቐዲሞም ናብ ሰብ ኢዮም ዘቕልቡ። ዝተሰሓሓተ ኣፈፃፅማ ከይዲ ሰራሕተኛታት ስሕተት ፈጠርቲ ከምስሎም ይኽእል ኢዩ።

## 14. ዕላማ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ብዝተዛበዐ መልክዑ ምርዳእ

ዕላማ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ መረዳእታ ምእካብ ጥራሕ ከይኮነስ ካብኡ ሓሊፉ መረዳእታ ተጠቒሙ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምምሕያሽ ዘኽእሉ ግቡእ ውሳኔታት ንምሃብ እውን ኢዩ።

# ክፍሊ ሰለስተ

## 3. ምዝርጋሕ ዝተዋደደ ስርዓት ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ

ዝለዓለ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዘመዝገቡ ናይ መንግስቲ ይኹን ናይ ውልቀ ትካላት ውፅኢታዊ ዝኾነ ስርዓት ምዘና ኣፈፃፅማን ስርዓት ኣመራርሓ ውፅኢት ተኮርን ብምሕንፃፅ የትግብሩ ወይ ክትግብሩ ይግበኦም። ምክንያቱ ውፅኢታዊ ኮይኖም ንምቅፃል ዘኽእሎም ብሕታዊ መንገዲ እዚ ስርዓት'ዚ ስለዝኾነ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ትካል ውሽጢ ለውጢ ዘይተርፍ ነገር ስለዝኾነ፣ እቲ ለውጢ ናይ'ቲ ትካል ዕላማ መበገሲ ገይሩ ብትልሚ ዘይምራሕ እንተኾይኑ ልክዕ ከም መንገዲ ዘይተፀረገሉ ውሕጅ ፀራሪጉና ክከይድ ይኽእል እዩ። ስራሕትና ናብ ዝተተለመሎም ሸቶ ንምብፃሕ ግልፂ ዝኾነ ዕላማን ናብ ሸቶ ዘብፅሑ ሓበርቲ መማለኺቲ ካብ ፈለምኡ ተሊምና እንተደኣ ተበጊስና ለውጢ ብኣግባቡ ክንመርሖ ንክእል ኢና።

ኣብ'ቲ ትካል ውሽጢ ኣብ ውሽጢ ዘኾነ ምንቅስቃስ ስራሕቲ ዝሳተፉ ሰራሕተኛታት ካብ'ቲ ትካል፦

- እንታይ እውትነት ዕላማ ከምዝሕሉ፣
- ናታቶም ሰራሕ ኣብ ምዕዋት ሓፈሻዊ ዕላማ እንታይ ግደ ክህልዎ ከምዝክእል፣
- ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እንተዳኣዘይመፅኡ እንታይ ክገብሩ ከምዝግበኦም፣

ክፈልጡ ይግበኦም። ከም'ዚ ዝበለ ኣካይዳ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስ ተግባራት ተዋዲዶም ውፅኢታዊ ክኾንሉ ብዝኽእሉ ኣገባብ ንምቅማጥ የኽእል።

### 3.1 ዝተዋደደ ስርዓት ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ ምድላው ንምንታይ ኣድልዩ፦

ሰርዓተ ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ ክዕወት /ኣብ ስራሕ ከውዕል/ ዘኽእል ናይ'ቲ ትካል ስትራተጂን መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልምን እንትዋደዱን ላዕለዎት ኣመራርሓ ራእይ፣ ልኡኽ፣ እሴታትን ስትራተጂያዊ ኣመላኻትን እቲ ቤት ዕዮ ንሰራሕተኛታት እቲ ቤት ዕዮን ንየእትወና በሃልቲ ግልፂ ገይሮም እንተቕምጡ እዩ። ብካሊእ ገፅ ድማ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ሕድ ሕድ ሰራሕተኛ ዕላማ ቤት ዕዮኡ ንምዕዋትን ንደልየት የእተወና በሃልቲ ንምርዋይ እንታይ ግደ ክፃወት ከምዝግብኦ ክፈልጥ ብምግባር ልኡኽ፣ ራእይን ስትራተጂን እቲ ቤት ዕዮ ህይወት ክህልዎ ይገብር።

ከም'ዚ ዝዓይነቱ ምውዳድ ስራሕ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንለውጢ ሓገዝቲ ክኾኑ ዘኽእሉም እዮ። መለክዕታት ውፅኢት ተግባራት ዘመላኽቱልና እንተኮይኖም ዝኾነ ውልቀ ሰብ ዝተረኸበ መረዳእታ ምስ'ቲ ዝተተለመ ዕላማ ብምንፅፃር ጥራይ ክወሰድ ዝግበኦ ስጉምቲ እንተሃልዩ ክፈልጥ የኽእል። ብካሊእ ኣባሃህላ መለክዕታት እቲ መልእኽቲ ዝሓዘ ክኾኑ ኣለዎም። ትክክለኛ ዘይኮኑ መለክዕታት መብዛሕቲኡ እዋን ውፅኢት ሜላ ኣመራርፃ ዕጫ (Random Selection Method) እዮም። ንኣብነት ኣብ ሓደ ነገር ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ (Brainstorming) ሰባት ክኸውን ዝግበኦ ነገር ክሓስቡን ኣንታይ ከምዝልካዕ ዝርዝር ከውፅኡ ዋላ እኳ እንተሓገዙም ከም'ዚ ዝዓይነቱ ፃዕሪ ጥራይ እንታይ ኣንታይ ክልካዕ ከምዘለዎ መተኣማመኒ መረዳእታ ክህብ ኣይክእልን። ብካሊእ ኣባሃህላ እቶም መለክዕታት ብትክክል ውፅኢት ንምምፃእ ምስ ዝተፈልጠ ከይዲ ኣሰራርሓ እንተዘይተቆላሊፎም እንታይ ዓይነት መስተካከሊ ክውሰድ ከምዝኽእልን እቶም ለውጥታት እንታይ ዓይነት ተፅዕኖ /ፅልዋ/ ከሕድሩ ከምዝኽእሉ ብእምነት ምትንባይን ምፍላጥን ኣፀጋሚ እዩ።

ውፅኢታዊ ዝኾነ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ብምፍላይ ምህርትን ኣወሃህባ ግልጋሎት ንምምሕያሽ ምእንታ ክካኣል ቁልፊ ዝኾኑ ውፅኢታት ከይዲ ኣሰራርሓ ምልካዕ ግድን እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ እውን ዝተረኸበ ለውጢ ብቁፅ ኮይኑ እንተዳኣ ዘይተረኺቡ ክልወጡ ዝግበኦም ከይድታት ኣሰራርሓ ክልለዩን ክስተኻኸሉን ይግባእ።

## *3.2 ቀንዲ ቀንዲ መበገስታት ዝተዋደደ ስርዓት ምዘና ትልሚ*

ዝተዋደደ ስርዓት ምዘና ትልሚ ንፈለማ ኣብ እንነዳልወሉ እዋን ክፍተሹን ክርኣዩን ዘግበኦም ብዙሓት ፍልፍላት ኣለው። እዞም ፍልፍላት በፍላይ ውሑዳት ወሰንቲ ዝኾኑ (Critical Few) መለክዕታት ንምድላው ስትራተጂክ ዝኾነ ስእሊ ይህቡና። ካብ'ዚኣቶም እቶም ቀንዲ ቀንዲ ከምዝስዕብ ዝተዘርዘሩ እዮም።

1. ስትራተጂክ ትልሚ 6. ንመለክዕታት ተሓታትነት ምድላው

2. ቑልፊ ከይድታት ስራሕ 7. ፅንሰ ሓሳብ ማዕቀፍ (Conceptual frame work)

3. ድልየት የእትወና በሃልቲ 8. ርክብ (Communication)

4. ሙሉእ ተሳትፎ ላዕለዋይ ኣመራርሓ 9. ህፁፅነት (Sense of Urgency)

5. ተሳትፎ ሰራሕተኛታት

# *1. ስትራተጂክ ትልሚ /Strategie plan*

ሰትራቴጂክ ትልሚ ንውፅኢታዊ ስርዓት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ መሰረት እዩ። ዝተለመዱ (Traditional) ስርዓተ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንዝተስሓሓቱ መልክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ትኩረት ብምሃብን ንናይ ትካል ስትራተጂካዊ ልኡኽ ብምንኣስ ወይ ትኩረት ብዘይመሃብ ኣርሒቅካ ኣብ ክንዲ ምሕሳብ ኣብ ዕለታዊ ተግባር የተኩር። በዚ ምክንያት ኣብ ክሊ ቁልፊ ዝኾኑ ጉዳያት ስትራተጂክ ትልሚ ምዝርራብን ስትራተጂክ ትልሚ ምስ ዝተዋደደ ስርዓት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ምጥዕዓሙ ምርኣይን ምፍታሽን ኣግባብነት ኣለዎ።

## 2. ቁልፊ ከይድታት ስራሕ (Key Business Processes

ከይድታት ስራሕን ኣብ ውሽጦም ዝፍፀሙ ተግባራት ዕውትነት ዕላማ ወይ ናብ መወዳእታ ውፅኢት ስትራተጂክ ትልሚ ንምብፃሕ ዘክእሉ መንገድታት እዮም። ይኹን ድኣ'ምበር ኣብ ሓደ ትካል ውሽጢ ክልክዑ ዝግቦኦም ብዙሕ ዓይነት ከይድታት ስራሕትን ተግባራት ኣለው። እዚ ሓቂ'ዚ ብመሓዝ ዕውትነት ዝተወደአ ስርዓት ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ ሚስጢር ናይ ሓደ ትካል ቁልፊ ከይድታት ስራሕቲ ምፍላይ እዩ። ብካልእ ኣበሃህላ ኣብ ምዕዋት ወይ ውድቀት እቲ ትካል ዓብይ ግደ (ፋይዳ) ዘለዎም ቁልፊ ከይድታት ስራሕ ምፍላይ ማለት እዩ።

ቁልፊ ዝኾኑ ከይድታት ስራሕ ንምፍላይ ፈለማ ዝርዝር ከይድታት ስራሕቲ እቲ ትካልን ነንባዕልቶም ዝህልዎም ምትእስሳር ዘርኢ ስእላዊ መግለፂ ምድላው የድሊ። (Map your organizationa's Business process) ።

## 3. ድልየት የእትወና በሃልቲ (Stakeholders Needs)

የእትወና በሃልቲ ዝባሃሉ ኣብ ሓደ ትካል ወይ ክፍሊ ስራሕ ናይ ቅድሚት ዕውትነት ግደ ዘለዎም ኣከላት እንትኾኑ፣ እዚ ስም'ዚ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ውፅኢት ተኮር ስራሕ ኣመራርሓ ብሰፊሑ ዝፍለጥ እዩ። ሓደ ትካል እዞም ኣካላተ እዚኦም መን መን ምዄኖም? ካብቢሮ ዝዕበይዎ ድልየት እንታይ እዩ? ዝብሉ ጉዳያት ኣቑዲሙ ክፈልጥ ኣለዎ። ናይ'ቲ ትካል ስትራተጂክ ዕላማን ሽቶን ኣብ እነዳልወሉ እዋን ናይ'ዞም ኣካላት ኣረኣእያን ድልየትን ኣብ ግምት ውሽጢ ክኣቱ ኣለዎ።

ውፅኢታወዊ ትካላት ናብ ዝደልይኦ ሽቶ ንምብፃሕ ካብ'ዞም ዝስዕቡ የእትወና በሃልቲ ጥንኩር ደገፍን ተሳትፎን ይደልዩ። ንሳቶም'ውን

1. ተገልገልቲ (ዓማዊል)
2. መንግስቲ

3. ሰራሕተኛታት

4. መቅረብቲ (Suppliers)

5. ሕብረተሰብ ብሓፈሻ

እዮም።

## 4. ሙሉእ ተሳትፎ ላዕለዋይ ኣመራርሓ (Top Management Involvement)

መብዛሕቲኡ ውፅኢታዊ ኣብ ዝበሃላ ትካላት ውሽጢ ስርዓት ምዘና ኣፈፃፅማ ትልሚ ዝጅምሩን ብቐፃልነት እንዳጠንከረ ንክኸይድ ዝገብሩ ኣካላት ላዕለዎት ኣመራርሓ እተን ትካላት እዮም። ኣብ ብዙሓት ትካላት ስርዓት መመዘኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ዝዕወት እቲ ኣመራርሓ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንክጥቀምን ንክመሓየሹን ኣብ ዝገብሮ ቆራፅነት (Committement) ይውሰን። ስለዚ ላዕለዋይ ኣመራርሓ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምድላው ካብ መጀመሪኡ ምስ ስትራተጂ ብምግንዛብ ንቁልፊ መለክዕታት እታወት ብምቅማጥ ክሰርሕ ይግበኦ። ተሳትፎ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ብቁፅ ለውጢ ክምፅእ ዝኽእል በዞም ዝስዕቡ መንገድታት እዩ።

### ሀ/ ናይ መራሒ ግደ ምፅዋት (ኣብነት ኮይኑ ምምራሕ)

መራሕቲ ስርዓት መለክዒ ንክዕወት ዓብይ ድልየትን ካብ ልቢ ዝፈልፈለ ቆራፅነትን ክርእዩ ኣለዎም።

### ለ/ ሓላፍነት ምሃብ፡- ሰራሕተኛታት ምብቃዕ (Empower employee)

### ሐ/ ምዝርጋሕ ሰናይ መስመር ርክብ (Deveelop good Communication process)

ምዝርጋሕ ሰናይ መስመር ርክብ ኣብ ሓደ ትካል ውሽጢ ናይ'ቲ ቤት ዕዮ ስትራቴጂክ ትልሚ ወይ'ውን መለክዕን ናይ ሰራሕተኛታት ትልሚ ኣፈፃፅማ ብምርካብ ዓብይ ግደ ይፃወት። ኣብ መብዛሕትኡ ካብ ዝፍለጡ ሜላታት መስመር ርክብ እቶም ክልተ።

- o መደበኛ ዘይኮኑ ኣኼባታትን፣
- o እቲ ቤተ ዕዮ ዘውፅኦም ሕትመት (ፅሑፋት) እዮም።

## መ/ ኩልሻብ ግብረ-መልሲ ሓሉ (ርኽብ)

ላዕለዋይ ኣመራርሓ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ስራሕቶምን ቤተ ዕዮኦምን እንታይ ከምዝሓሰቡ ክፈልጥ ኣለዎ። ብፍላይ ሰራሕተኛታት ምስ ስተራተጂክ እቲ ትካል ዝጓዓዙን ዘይጓዓዝን ምኽኖም ምክትታል የድሊ፣ ስለዚ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ኩሎም ሰራሕተኛታት ዘሎ ኩነታት (ሓቂ) ክዛረቡን ክረድኡን ብምብርታዕ እቲ ሓቂ (ኣወንታዊነት) ብፀጋ ምቅባል የዲሊ። እዚ ብምግባሩ ክልቲኦም ወገናት (ላዕለዋይ ኣመራርሓን ሰራሕተኛን) ተሓታትነት ክሰፍን ይሕግዝ።

## 5. ተሳትፎ ሰራሕተኛ

ዝተዋደደ ስርዓት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣንትምስረት፣ ኣብ ከይዲ ንሰራሕተኛ ምስታፍ ክርሳዕ የብሉን። ምኽንያቱ ሰራሕተኛታት ኣብ እታዎት፣ ኣብ ምልካዕ ሽቶ፣ ምስኻዕ ዕላማ፣ ኣብ ኣፈፃፅማን ኣብ ከይዲን ኣብዝኾነ ይኹን ናይ'ቲ ትካል ምንቅስቃስን ቀጥታዊ ኣስተዋፅኦ ዘለዎም ስለዝኾኑ እዩ። ተሳተፎ ሰራሕተኛ ኣብ ስርዓት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ አወንታዊ ባህልን ልምድን ካብ ዝሃንፁ መንገዲታት ሓደን ቀንድን እዩ።

ኣብዝምስረቱ ብርክታት ስርዓት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ብምሉኦም ሙሉእ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ኣንተደኣ ተረጋጊፁ ስምምዕነትን ናይ ባዓል ዋናነት ስሚዒትን ኣብ ከይዲ ይፍጠር።

ደረጃ ተሳትፎ ሰራሕተኛን ዝሳተፈሉ ግዜን ከምትካሉ ሰፍሓትን ኣወዳድባን ምስ ናይ ሕድ ሕድ ሰራሕተኛ ኩነታት ዝተጠዓዓመ ክኸውን ኣለዎ። ሰራሕተኛ ኣብ እነሳትፈሉ እዋን እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ውሽጢ ምእታው ይሀልወና።

ሀ/ ተሳትፎ ስሚዒት በዓል ዋናነት ብምፍጣር ተኣማንነትን ምልዕዓልን ንኽውሰኽ ብምግባር ተሓታትነት ክዓስል ይገብር።

ለ/ ሙሉእ ተሳትፎ ዘለዎ ሰራሕተኛ ኣብ ትካሉ ሕጉስ እዩ። ሕጉስ ሰራሕተኛ ድማ ኣብ ናይ'ቲ ትካሉ ውፅኢት ዓብይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ስለዚ'ውን እዩ ውፅኢታዊ ዝኾኑ ትካላት ዕግበት ሰራሕተኛ ዝልክዑ። ሽልማት ውሃብቲ ትካላት'ውን ነዚ ከምሓደ ትኹረት ዝግበረሉ ነጥቢ ገይሮም ይወስድዎ።

ሐ/ ሰራሕተኛታት በዝተውሃቦም መለክዒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ መሰረት ትልሞም ይፍፅሙ። ብኻልእ ኣበሃህላ መለክዒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ናይ'ቲ ሰራሕተኛ ኣተሓሳስባ /ኣመለኻኽታ/ ይመርሑዎ ወይ'ውን የስተኻኽሉዎ። ስለዚ መለክዒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ዝቕረፁሉ እዋን ሰራሕተኛታት ሓሳቦም ክገልፁ ክግበር ኣለዎ።

መ/ እቲ ስርዓት መለክዒ ብቐጥታ ዝትንክፎምን ዝትግብሩዎን ኩሎም ኣሳትፍ።

ሠ/ ሰራሕተኛታት ዝተውሃቦም ስራሕን ኣብ ልዕሊ እቲ ስራሕ ዘለዎም ደረጃ ተሳትፎን ብደንቢ ምፍላጦም ኣረጋግፅ።

ረ/ ኣብ ኩሉ ደረጃ ዘሎ ናይ ፍልጠት፣ ክእለትን ልምድን ክፍተት ፈሊኻ ብምውፃእ ሽዑንሹዑ ኣብ ልዕሊኡ ዝነፃፀር ስልጠና ምሃብ።

## 6. ንመለኪዒታት ናይ ተሓታትነት ስርዓት ምዝርጋሕ

ውፅኢታዊ ዝኾነ ዝተዋደደ ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒ ስርዓት ምዝርጋሕ ውፅኢታዊ ዝኾነ ናይ ተሓታተነት ስርዓት ምስ ምዝርጋሕ ጠንካራ ዝኾነ ምትእሰሳር ኣለዎ። እዚ ማለት'ውን ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን ኣብ ሕድ ሕድ ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒ ከይድታት ተመሳሳሊ ብዝኾነ መልክዑ ሓላፍነት ብምውሳዱ ኣብ ኣለኻኽዓ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ሰምምዕነት ይበፅሑ።

ንዝተዋደደ ስርዓት መልክዒ ውፅኢት ተኮር ኣፈፃፅማ ትልሚ ተሓታትነት ኣብ እንዝርግሐሉ እዋን ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምስትዋስ የድልየና።

ሀ/ ንሕድ ሕድ ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒ ሓላፍነት ዝወሰዱ በዓል ዋና ክህልው ይግባእ።

ለ/ ንሕድ ሕድ ሰራሕተኛ ብሓለፍነት ዝሕተተሉ መለክዒ ንናይቲ ትካል ምዕዋት /ምውዳቕ/ ዘለዎ ኣስተዋፅኦን ርክብን ምፍላጥ ኣለዎ። ብኻልእ ኣበሃህላ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣፈፃፅማ ትልሞም ዘመዝገቡዎም ውፅኢታት ንውፅኢት እቲ ትካል ዘለዎም ፋይዳ ምፍላጥ ኣለዎም።

*ሐ/ ሰራሕተኛታት ብሓላፍነት ንዝሕተቱሉ ስራሕ ብኣግባቡ ንምፍፃም ዘኽእል እኹል ሃፍቲ ክምደበሎም ይግባእ።*

*መ/ ሰራሕተኛታት ብሓላፍነት ዝሕተቱሉ ሰራሕ ንምትግባር ዘኽእል ሙሉእ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣንተደኣተዋሂቡዎም ነቲ ትልሚ ብዝለዓለ ብርኪ ናይ ምስኻዑ ዕድል ሰፊሕ እዩ።*

*ረ/ ናይ ተሓታትነት ስርዓት ምምስራት ቀንዲ ዕላማ ከም መቕፅዒ ንምጥቃም ዘይኮነስ ንንፅበዮ ውፅኢት ሰራሕተኛ ንምብቃዕ* (Emprovment) *በዓል ዋና ምድላው እዩ።*

*ሰ/ ዝለዓለ ውፅኢት ንዘምፀአ ምሽላም፣ ብተቓራኒ ዝተሓተ ውፅኢት ንዘምፀአ ድማ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ምውሳድ ኣለዎ።*

## *7. ፅንሰ ሓሳባዊ ማእቀፍ*(Consptual Framework)

*ፅንስ ሓሳባዊ ማእቀፍ ምህላው፣ እንታይ ምልካዕ ከምዘለዎ፣ ንምውሳን ይሕግዘና፣ ንኣብነት ናይ ትካል ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ምልካዕ ምስ እስትራቴጂያዊ ትልሚ ኣደላልዋ ክይዲ ክተሓሓዘ ይኽእል። ወይ'ውን ናይ ስራሕ ሓለፍቲ ሚዛናዊ ዘኾኑ መለክዒታትን ብምጥቃም ናይ ትካሎም ኩለመዳያዊ ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ ግምገማ ብነፀላ ሪፖርት ክረኽቡ ይኽእሉ።*

## *8. ርክብ (Communication)*

*ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒ ስርዓት ንምምስራትን ንምቅፃልን ርክብ* (Communication) *ወሳኒ እዩ። እቲ ዝምስረት ርክብ ኩለመዳያዊ ኣንፈት /ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፣ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፣ ናብ ጎኒ፣ ኣብ ትካል ውሽጢን ካብ ትካል ወፃኢን/ ክኸውን ኣለዎ። ዝተዋፀኣሎም ዝበሃሉ ትካላት ብዞም ዝስዕቡ መንገዲታት ናይ ውሽጢ ርክባት ይገብሩ።*

- *ናይ ሓባር ስብሰባታት፣ ጉጅላዊ ሚላታት/ ኣብ መእከቢ ኣዳራሻት፣ ናይ ኣፈፃፅማ ደረጃ ገምገማታት፣ ኣብ ዝተመረፁ ጉጅለታት ዝግበሩ ምይይጣት/*
- *ዝተሓተሙ ፅሑፋት /ጋዜጣ፣ ሪፖርት፣ በረርቲ ፅሑፋትን፣ ዝተፈላለዩ ሕትመታትን፣*
- *ናይ ኮምፒተር ቴክኖሎጂ ብምጥቃም /ኢ.መይል፣ ቪዲዮ ኮንፈረንስን፣ ገልጋሎት ኢንተርኔት/*

- ካልኦት ብቐሊሉ ክረኣዩን ክንበቡን ብዘኽእሉ ሜላታት ንኣብነት ከም ስእሊታት፣ ቻርቲታት ዝኣመሳሰሉ ኣብ ቁልፊ ቁልፊ ቦታታት ብምልጣፍን ብምስቃልን ፣

## *9. ኣፃዳፋይነት /ህፁፅነት/ Sense of Urgency*

ውፅኢት ተኮር ስርዓት ኣመራርሓ ስራሕን ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒ ስርዓትን ንምምስራት ዝግበር ምንቅስቃስ ወይውን ምጉያይ ናይ ሃገርና ሲቪል ሰርቪስ ተቋማት ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንዘጋጠሞም ናይ ህልውና ሕቶ ወይ'ውን ናይ'ቲ ፀገም ኣተሓሳስባነት ውፅኢት እዩ። ካብዞም ሓደጋታት ውሽጢ ናይ ኢትዮጵያ ሲቪል ሰርቪስ ተቋማት፦

- ምስ ናይ'ቲ ህዝቢ ድሌት ዘይምኻዱ፣
- ዘለዎም ኣሰራርሓን ቢሮ ክራሲን ዱሑር ምዃን፣
- ውፅኢታዊነቶም ትሑት ምዃን፣
- ናይ ግልጋሎት ኣወሃህባ ከይዲታት ድሑራት ምዃን ወዘተ ዝኣመሳሰሉ ይርከቡዎም።

## ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒታት ንላዕሊን ንጎኒን ምውፃእ።

ውፅኢት ተኮር ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒታት ብኽልተ ኣንፈታት ክዋደዱ ይግባእ።

## ንላዕሊ /Vertical Integration)

ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መለክዒታት ንላዕሊ ምውዳድ ናይ ኩሎም ሰራሕተኛታት ፃዕሪ ናብ እስትራተጂያዊ ሸቶታት ንኽትኩሩ ብምግባር ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ ዘመሓይሽን ንሰራሕተኛ ዘበረታትዕን እዩ።

ኣብቲ በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት /ክፍልታት/ ትልሞም ፈቲሾም መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ግቡኣት ድሕሪ ምድላዎም ነቶም ዘዳለውዎም መዐቀንታት ኣጠቓላሊ ምስ ናይቲ ትካል መዐቀንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ክጠዓዓሙ ኣለዎም። ብኻሊእ ኣበሃህላ ብተዋረድ ዝርከቡ ክፍልታትን ብርክታትን ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት ናይ መዐቀኒኦም ድምር ምስ ናይቲ ቤት ዕዮ ሓፈሻዊ መዐቀንታት ማዕረ ክኸውን ኣለዎ።

## ናይ ጎኒ ምውዳድ /Horizontal Integration/

ናይ ጎድኒ መዐቀንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምትእስሳር ምህላው ኣብ ኩሎም ናይ ቤት ዕዮ ናይ ስራሕ ፍሰት (Work flow) ክይድታት ቅልጣፈ ምህላው የረጋግፁልና። እዚኦም መዐቀንታት ኣፈፃፅማ ትልሚን ተገልገልቲ ጠመተ ዝገበሩ ኮይኖም ብቤት ዕዮ ደረጃ ዘሎ ከይዲ ግልጋሎትን ንተገልገልቲ ተወሳኺ ዋቕሚ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ዝድህስሱ እዮም። ተገልገልቲ ዘጭንቆም ግልጋሎት ንምርካብ ዝሓልፍዎም ዝርዝር ከይዲታት ተይኮኑስ እቲ ምህርቲ ወይ ግልጋሎት ንምርካብ ዝወስዶ ጊዜ፣ ዝተገብረ ምምልላስ፣ ዝወፀ ወፃኢን ዘሎ ፅሬትን እዩ። ንኣብነት ናይ ሓደ ቤት ዕዮ ዑደት ንብረት ዕዳጋ እንድሕር ወሲድና ኣፈፃፅምኡ ዝዕቀን ብዝወሰዶ ጊዜ (Cycle time) ክኸውን ይኽእል። ንብረት ክዕደገሉ ዝሓተተ ኣካል ዝውዳኣሉ ጊዜ ዝርኢ ካፍቲ ዕደጋ ክፍሊ ሓላፍነት ወፃኢ ዘሎ ሓዊሱ ብሓፈሻኡ ዕደጋ ካብ እተሓተተሉ ጊዜ ጀሚሩ ክሳብ እተረከበሉ ጊዜ እዩ። ኣብዚ ዑደት እዙይ ዝሳተፉ ብዙሓት ክፍልታት ከም ሒሳብ ክፍሊ፣ በጀት ክፍሊ፣ ጨረታ ኮሚቴ፣ ሓላፊ እቲ ቤት ዕዮ፣ ንብረት ክፍሊ፣ ኦዲተር ወዘተ.... ይህልው። ስለዚ እዚ ጎድናዊ ምቐንጃው ንምምፃእ ኩሎም ተሳተፍቲ ክፍልታትን ሰራሕተኛታትን መዐቀንታት ክዳለው ከለው ክሳተፉ ይግባእ።

## ማእቀፋት መዐቀንታት ሚዛናዊ ኣፈፃፅማ ትልሚ

ስርዓት ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ዝስረተሉ ወይ ኣብ ዝመሓየሽሉ እዋን ታይ እዩ? ከመይ'ከ ክዕቀን ኣለዎ? ዝብሉ ሕቶታት ዝምልሰሉን ድልየት ክውን ንምግባር ዘኽእሉ ማእቀፍት መዐቀንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምርኣይ የድሊ። ልምድታት ከምዘርኢዎ ዘለው ሃሳባትን ድልየታትን ንምቅንጃው፣ ናይ ሓባር ትርጉም ንመሓዝን ስርዓት መዐቀንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ሽፋን ንምውሳን ማእቀፍ (Fram work) ብጣዕሚ ኣድላይ እዩ። ብፍላይ ከም ናይ ኢትዮጵያ /ትግራይ ስቪል ሰርቪስ ዘአምሰሉ ትካላት ገና ስርዓት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ምድላው ንዝርከቡ ኩሎም ማእቀፍ ምምራፅ ናይ ግድን እዩ። ሚዛናዊ Balancing ዝብል መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ፅንሰ ሓሳብ ዝመፀ ቢ 1992 ኣ.ኤ ሮበርት ካፕላንና ዴቪድ ኖርቶን ዝብሃሉ ዶካትር ንፈለማ ጊዜ ብዛዕባ ሚዛናዊ ስኮርካርድ (Balanced scorecard) ኣብ ዘፋለጥሉ ጊዜ እዩ ነይሩ። ሚዛናዊ ስኮርካርድ ዝብል ሓሳብ ናይቲ ቤት ዕዮ ልኡኽ ናብ ቁልፊን ወሰንትን መዐቀንታት ብምትርጓም ሚዛናዊን ማዕረን ትኹረት ዝውሃቦም ብዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት (Business perspective) ምቕማጥ እዩ። እዚ ፅንሰ ሓሳብ ኣብ ዝቐርበሉ ጊዜ ብዙሕ ኣፈላለዩ ዝተፈጥረ ኮይኑ መበገሲ እቲ ኣፈላላይ ድማ ክልተ ሓደ ዓይነት ኣብያተ ዕዮ የለውን ዘብል እዩ። ብምኽንያት'ውን ናይቲ ፅንሰ ሓሳብ ተቓወምቲ ሚዛኖም ዝሓለወ መዐቀንታት ድልየት፣ ብዝሓት ኣረኣእያን ዓይነትን ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም ዝብል ኣተሓሳስባ ኣለዎም።

ካብዙይ ቀፂሎም ዝተፈላለዩ ማእቀፍ መዐቀንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ቀሪቦም ኣለው። ንሳቶም'ውን፡-

1. ውሑዳት ቁልፊን ወሰንቲ መዐቀንታትን (The "Critical Few" Set of Measures)
2. ናይ ኣፈፃፅማ ዳሽ ቦርድ (Performance Dashboard)
3. ሚዛናዊ ስኮር ካርድ (Balanced Scorecard)

## 1. ውሑዳት ቁልፍን ወሰንቲ መዐቀንታት((The "Critical Few" Set of Measures)

ብጣዕሚ ብዙሓት ዝኾኑ መዐቀኒታት /በቢ ማዓልቱ ብዙሕ መረዳእታ ብምእካብ/ ምህላው ሓለፍቲ ካብ ቤት ዕዮኦም ዕውትነት ኩነት ብጣዕሚ ወሰንትን ቁልፊ ዝኾኑ መዐቀንታት ክህብዎ ዝግባእ ትኹረት የህስሶ ወይ'ውን የጥፍኦ። ውሑዳት ቁልፊን ወሰንቲ ዝኾኑ ማእቀፍ መዐቀኒታት፣ ካብቲ ቤት ዕዮ ስትራተጂያዊ ዕውትነት ኩነት ወሰንቲ ዝኾኑ ውሑዳት መዐቀንታት ጥራሕ ይመርፅ። ውሑዳት ወሰንትን ውሑዳት ቁልፊ ማእቀፍ መዐቀኒታት ከም ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ስትራተጂያዊ ትኹረት ምሃብ ዝግበኦምን ናይቲ ትካል መርኣያታት (Perspectives) ብምቕማጥ መዐቀንታት ሽቶታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ፈልዩ የቕምጥ።

## 2. ናይ ኣፈፃፅማ ዳሽ ቦርድ (Performance Dashboard)

ኣፈፃፅማ ዳሽ ቦርድ ናይ ሓደ ኣፈፃፅማ ዕውትነት ስትራተጂ ዘመላኽቱ ፋይናንስን ብፋይናንስ ወፃኢ ዝኾኑ መዐቀኒታት ዝሓዞ ናይ ሓለፍቲ ናይ መረዳእታ ስርዓት እዩ። ኣብ ሃገረ ፈረንሳይ ታብሊዩ-ዴ-ቦርድ (Tableau-de-Bond/ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ናይ ትካል ዕውትነት ዘርኢ ቁልፊ ዳሽ ቦርድ ልዕሊ 2 ዓሰርተ ዓመታት ትካላት ተጠቒሞምሉ እዮም።

ናይ ኣፈፃፅማ ዳሽ ቦርድን ሚዛናዊ ስኮር ካርድን ብሓባር ዘልዕልዎም ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ብሓደ መዐቀኒ (ፋይናንሳዊ) ጥራሕ ምግዳብ የውግዱ፣

2. ምስ ኮነ ካብ ምግፋጥ ኣቐዲምካ ምትላም ዝብል መርህ ይኽተሉ

3. ክልቲኦም ወሰንትን ቁልፊን ዝኾኑ መዐቀንታት ብምምራፅ ኣድላይ ዘይኾነ መረዳእታ የወግዱ፣

4. ክልቲኦም ስትራተጂካዊ ሽቶታትን ናይ ኣፈፃፅማ መዐቀንታትን የተኣሳስሩ።

ኣፈላላዮም ክንሪኢ ከሎና፡

- BSC ቦኖርቶን ስትራተጂ ሞዴል ይጥቀም ዳሽ ቦርድ ብግልፂ ዝተቐመጠ ነገር የብሉን።

- BSC ናይ ሕድ ሕድ ተርእዮ ብምክንያታትን ሳዕብየንን (Cause and Effect) የተሓሕዞ፣ ኣብ ዳሽ ቦርድ ግን እዙይ ክፍቲ እዩ።
- ዕላማ፣ ሽቶ ስትራተጂን መዐቀኒን ኣብ ዝተሓሓዘሉ ጊዜ BSC ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ይወርድ። ታሕተዋይ ድምር ምስቲ ላዕለዋይ ማዕረ ይኸውን። ኣብ ደሻ ቦርድ ግና ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዝወርድ ስራሕ ከከም ሓላፊን ከይዲን ዝውሰን ይኸውን።
- ኣብ እዋን ሽልማት BSC ሽልማትን ጥቅማ ጥቅምን በቐጥታ ምሰ ውፅኢት ይተሓሕዝ እንትብል፣ ዳሽ ቦርድ ግን እቲ ውፅኢት ንመማሃሃሪ እምበር ንምቁፅፃር ኣይኮነን፣ ከምኡ'ውን ሰራሕተኛ ተሓታቲ ዝኸውን ንውፅኢት እንተይኮነስ መረዳእታ ንመሃብ እዩ ይብል።

## ሚዛናዊ ስኮር ካርድ (Balanced Scorecard)

ከም ኣቋፃፅራ ፈረንጂ ብ1992 ሮበርት ካፕላንን ዲቪድ ኖርቶን ዝበሃሉ ሙሁራን ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ብምጥቃም ኣፈፃፅማ ትልሚ ትካላት ክልካዕ ከምዝካኣልን በኡ ኣቢልካ'ውን ተበግሶታት ከምዝውሰኽ ገሊፆም እዮም። እዚ መሰረተ ሓሳብ'ዚ ደጋዊ ኩነታት እንዳተዓዘበ ጎኒ ንጎኒ ውሽጣዊ ውፅኢት ንምምርማር ስልታዊ ሜላ ይጥቀም፤ ሜላ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ንከይዲ ሰራሕ ትኩረት ዝህብ ካብ ምኻኑ ንላዕሊ ንውፅኢት'ውን ትኩረት ዝህብ ሜላ ኣለካክዓ ስለዝኾነ ኣብ ከይዲ ዘለው ሙዑቡላት ጎንታት ኣጠናኺርካ ብምክያድ ንውፅኢት ማሕለኻ ዝኾኑ ነገራት ከይፍጠሩ ዝሕግዝ እዩ። ኣብ ሜላ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ውሽጢ ናብ ዝተደለየ ውፅኢት ንምብፃሕ ኣስተዋፅኦ ዘለዎም ከይድታት ስራሕ ትካላዊ ብዝኾነ መልክዑ (Cross functional) ይርኣዩ። ብካሊእ ኣባሃህላ ናይ ሓደ ክፍሊ ውፅኢት ፅቡቕ ዘምስል ናይ ካሊእ ክፍሊ ውፅኢት ዝጎድእ መለክዕታት ኣቅርዩ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ክፍሊ ስራሕ ዝግበር ዘየድሊ ንሕንሕ ብምእላይ ምድግጋፍ ክህሉ ዘበራትዕ እዩ።

ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ብኣርባዕተ ዝተኣሳሰሩ መንገድታት (እይታዎች) ይርአ

1. ብመንፅር በጀት (ፋይናንስ) ንየእተወኒ ብሃልቲ ከመይ ኮይና ክንርአ ይግበኣና
2. ብመንፅር ዓማዊል (ተገልገልቲ) ድልየት ኣማዊልና ከመይ ኣቢልና ብዝሓሸ መልክዑ ነርዊ?

3. ብመንፅር ናይ ውሽጢ ኣሰራርሓ፡- ኣብ ቁልፊ ከይድታት ስራሕ ከመይ ክንፍፅም ኣለና?

4. ብመንፅር ትካላዊ ዓቕሚ ምዕባይ

## ኣርባዕቲኡ መንገድታት (እይታዎች) ሚዛናዊ ስኮር ካርድ

**1. ብመነፅር በጀት (ፋይናንስ)፡-** ትካላት ስቪል ሰርቪስ ብበጀት ወይ ብፋይናንስ ዘለዎም ዕይታ ካብ ትካላት ንግዲ ዝፍለ እዩ። ቀንዲ ሽቶ ትካላት ንግዲ ኣብ ትርፊ ዝተመስረተ እንትኸውን ኣብ ትካላት ስቪል ሰርቪስ ግን ናይ በጀት ወይ ፋይናንስ ሽቶ ኣብ መብዛሕትኡ ከም ቀንዲ ሽቶ ዋላ እኳ እንተዘይተወሰዱ ኣብ ምዕዋትን ኣብ ምትዕንቃፍን ግን ዓብይ ግደ ኣለዎም። ዕውትነት ትካላት ስቪል ሰርቪስ ክልካዕ ዘለዎ ናይ መንግስቲ ድልየት ብከመይ ውፅኢታውን ኣድማዕን ብዝኾነ መንገዲ ኣዕዊተን ብዝብል እዩ። ብምኻኑ'ውን ኣብ ውሽጢ ትካላት ስቪል ሰርቪስ ናይ በጀት (ፋይናንስ) ኩነታት ዘትኩሮ ኣብ ወፃኢ ቆጣብነቱ እዩ። እዚ ማለት ንዓማዊሉ ብትሑት ወፃኢ ልዑል ግልጋሎት ምሃብ ማለት እዩ።

**2. ብመንፅር ተገልጋሊ፡-** እዚ መንገዲ'ዚ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዝርእዮ ወይ ዝግምግም ብዓይኒ ተገልገልቲ እዩ። እዚ መንገዲ'ዚ ኣብ ትካላት ንግድን ኣብ ትካላት ስቪል ሰርቪስን ውሽጢ ዝህልዎ ትርጉም በበይኑ (ዝተፈላለየ) እዩ። እዚ ማለት ኣብ ውሽጢ ትካላት ንግዲ ናይ ተገልገልቲ ( ዓማውል) እይታ ናብ መወዳእታ ሽቶ ዘብፅሕ እንትኸውን ኣብ ትካላት ስቪል ሰርቪስ ግን እዚ መንገዲ'ዚ ናይ መወዳእታ ሽቶ ወይ'ውን ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዩ። ስለዚ ትካላት ስቪል ሰርቪስ ውፅኢታዊ ኮይነን ክቅፅላ ካብ ትካላት ንግዲ ብዝበለፀ ናይ ተገልገልተንን ናይ የእትወና በሃልቱን ድልየትን ከካትታን ኣብ ተልሚ ክሳተፉ ክገብራ ትፅቢት ይግበረለን። ምክንያቱ ትካላት ስቪል ሰርቪስ ካብ ትካላት ንግዲ ብዝበለፀ ህብረተሰብን ተገልገልተን ናይ ምግልጋል ሕጋዊ ግዴታ ስለዘለወን እዩ።

**3. ብመንፅር ናይ ውሽጢ ኣሰራርሓ፡-** እዚ መንገዲ'ዚ ትኩረት ዝገብር ኣብ ናብ ዕውትነት በጀትን ዕግበት ተገልገልትን ዘብፅሑ ውፅኢት ናይ ውሽጢ ኣሰራርሓ እዩ። ሽቶ እቲ ትካልን ድልየት ተገልገልትን ንምዕዋት ትካላት ፅቡቕ ውፅኢት ከምፅእሎም ዝኽእሉ ቁልፊ ናይ ኣሰራርሓ ከይዲ ፈልየን ከውፅኣ ይግባኣን። ዝርከብ ዕውትነት ዕላማ ኣፅጋቢ ምኳኑ

ንምርግጋፅ ኣብ ልዕሊ ቁልፊ ከይድታት ስራሕ ክትትል ክግበር ኣለዎ። ውሽጣዊ ከይድታት ኣሰራርሓ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት ንምርካብ ዘኽእሉ ሜላታት እዮም።

**4. ብመንፅር ምህናፅ ዓቕሚ ሰራሕተኛታትን ትካልን፡-** እዚ መንገዲ'ዚ ፍልጠትን ክእለትን ሰራሕተኛታት፣ ፅሬትን እዋናውነት ስርዓት መረዳእታ ከምኡ'ውን ዕላማ እቲ ትካል ንምዕዋት ዝግበረ ናይ ምውዳድ ውፅኢት ዘርኢ እዩ። ከይድታት ስራሕ ክሳክዑ ዝኽእሉ ብቑዕ ክእለትን ናይ ስራሕ ተበግሶ ዘለዎም ሰራሕተኛታት፣ ትክክልን እዋኑ ዝሓለወ መረዳእታ ረኺቦም ነቶም ከይድታት እንተመርሑ እዩ። ካብ እዋን ናብ እዋን እንዳዓበየ ዝመፀ ናይ ደንበኛታት ድልየት ንምሙላእ ሰራሕተኛታት ብቑዕ ክእለትን እቲ እዋን ዝሓቶ ኣተሓሳስባን ቴክኖሎጅን ሒዞም ክርከቡ ይግባእ።

**ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ንምንታይ ኣድልዩ**

- መለክዒታት ብሓደ ኣንፈት ጥራሕ ምርኣይ
- ምውዳድ ሽቶ ምስኣን
- ዝደርጀወ ስርዓት መዐቀኒ ዘይምህላው
- ምኽንያታትን ሳዕቤንን ምትሕውዋስ
- ራእይን ልኡኽን ተግባራዊ ዘይምኻን
- ትካላዊ ስትራተጂ ናብ ታሕቲ /ክፍሊ ስራሕ/ ዘይምዝርዛር
- ግብረ መልሲ ስትራተጂያዊ ከይኾነስ ታክቲካዊ ምኳንን
- ብሓፈሽኡ ኩሉ ነገር ብዝግባእ ዝተመዛዘነ ዘይምኳን እዩ።

መግለፂ 5 ሚዛናዊ ስኮር ካር



## ሰደቓ 1 ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ማለት/እዩ/ ን /ኣይኾነን /

| ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ማለት/እዩ/ | ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ማለት/ኣይኾነን/ |
|---|---|
| ብሓፈሻ ናይ ትካል ስትራተጂያዊ ናይ ኣመራርሓ ስራሕ ኣፈፃፅማ ትልሚ ስርዓት'ዩ | ናይ ውልቀ/ነፀላ/ ውፅኢታዊነት ናይ መቆፃፀሪ ኣፈፃፅማ ትልሚ መለክዒ መሳርሒ ኣይኮነን |
| ንሕድሕድ ሰራሕተኛ ናይ ትካል ስትራተጂ ንፁር ብዝኾነ መልክዑ ንክርድኦ ዝገብር ናይ መራኸቢ መሳርሒ እዩ፡፡ | "ወርሓዊ መጠዓዓሚ" ናይ ኣፈፃፅማ ትልሚ መለክዒ ስርዓት ኣይኮነን፡፡ |
| ናይ ትካል ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ መንጎ ብፋይናንሳዊን ፋይናንሳዊ ብዘይኮኑ ኣረኣያታት ሚዛን መሕለዊ መንገዲ እዩ፡፡ | ቕድሚ ሕዚ እንጥቀመሎም ዝነበርና መለክዒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብኣርባዕቲኦም ክፋላት ምቕማጥ ኣይኮነን |
| ቐፃሊ ጉዕዞ እዩ | ፕሮጀክት ኣይኮነን |
| ተሓታትነት ዘጠናኽር ስርዓት እዩ፡፡ | ቀሊል ነገር ኣይኮነን |
| ናይ ለውጢ ጉዕዞ እዩ፡፡ | ንዘሎ ዝሕሉ ኣይኮነን |
| ናይ ትካል ራእይ ምስ ሰብኣዊን ፋይናንሳዊ ሃፍትታት ከምኡ'ውን ናይ ብብማዓልቱ ተግባራት ናብ ሓደ ዘምፅእ/ዘተኣሳስር እዩ፡፡ | ብሓፈሻዊ ካብ ፅሬት መለክዒ/TQM/ ድሌት ዝመንጨወ ኣይኮነን |

3.6 ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ተግባራዊ ኣብ እንገብረሉ እዋን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት

- ምምዛንን ሓደሽቲ ስርዓታት ምፍራሕን
- ናይ ሓባርን ሓደ ዓይነት ትርጉም ዘይምህላው
- ዘላቒ ዘይብሉ ወይ ልሕሉሕ ርክብ ምሕላውን እኹል ግንዛበ ዘይምጉልባት
- ብዝግባእ ዘይተገለፁን ግንዛበ ዘየትሕዙ፣ ተግባራዉ ክኾኑ ዘይኽእሉን ምስ ሰራሕተኛታት ተግባራት ዘይጠዓዓሙ ራእይን ስትራተጂታትን ምቕራፅ፣
- ናይ ባጀት ምድላውን ምስ ስትራተጂክ ምቕራፅ ነፃጺልካ ምርኣይ
- ብዓልዋና ዘይብሎም ወይ ካብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ማዕቀፍ ወፃኢ ዝኾነ መለክዒታት ምድላው፣
- ግልፂ ዝኾኑ ሽቶታት መብፅሒን ምድላው ኣፈፃፅማ ትልሚ ዘይብሉ ወይ ሽቶታት ብጣፅሚ ኣልዒልካ ወይ ኣትሒትካ ምድላው
- ትሑት ወይ ምንም ግብረ መልሲ ዘይምህላው
- ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ሰራሕተኛ ዘይምህላው
- ብዝተጀመረሉ ቕልጣፈን ኹነትን ዘይምቕፃል

# ክፍሊ ኣርባዕተ

## 4. ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ምድላውን ተግባራዊ ምግባርን

**ተዓዊቶም ዝብሃሉ ትካላት**

- ናይ ኣፈፃፅማ ትልሚ መረዳእታ ብምጥቃም ስምምዕነት ክበፅሓሎም ዝኽእሉ ዕላማታት ንምንፃር/ንምቕማጥ፣
- ሃፍትኻ ብቕደም ስዓብ ኣቕሚጥካ ንምምዳብ
- ሓለፍቲ ትካላዊ ኣንፈት ብትኽክል ምኺኑ ንምርግጋፅ ወይከዓ ዝተጋገየ ኣንፈት እንድሕር ኾይኑ ንክቕይሩ ንምግባርን
- ሽቶታት ካብ ምዕዋት ኣንፃር ሪፖርት ንክቐርቡ ንምግባርን

ዝተወደበ ናይ ምዘና ማዕቀፍ ኣፈፃፅማ ትልሚ ምህላው ኣገዳሲ ከምዝኾነ ይሰማምዕሉ እዮም።

ሚዛናዊ ስኮር ኮርድ ናይቲ ትካል ቑልፊን ንምዕዋት ወሰንቲ ዝኾኑ ሽቶታት ንምፍላይ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ብኣርባዕቲኡ ኣመለኻኽታ የቕምጥ። ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ኣርባዕቲኡ ኣመለኻኽታ ተጠቒሙ ናይ ትካል ራእይ ወይ መለክዒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዘሸርፍ ፅንስ ሓሳባዊ መዕቀፍ እዩ። ዝተወሰኑ ኣመለኻኽታ ናይ ትካል ኣፈፃፅማ ናብ ራእይ ከብፅሑ ዝኽእሉ ውፅኢታት ንምዕቃን ንጥቀመሉ ክኾን ከሎ ካልኦት ድማ ናይ ነዊሕ እዋን ዓመታት ዝውሰኑ ሓበርቲ ንምዕቃን ዝሕግዙና እዮም። ኣፈፃፅማን/ፋናንሻል፣ ዕግበት ተገልገልቲ፣ ከምኡ'ውን ከይዲ ኣሰራርሓ/ ከምኡ'ውን ቐፃላይ ኣፈፃፅምኡ ንምምሕያሽ ዝግበር ፃዕሪ /ምምሕያሽ ከይዲታት፣ ምስልጣንን ምልዓላትን ሰራሕተኛ ከምኡ'ውን ምዝርጋሕ ስርዓት ሓበሬታ/ Learning & Growth ንምክትታል የኽእለና እዩ። ብተወሳኺ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ፋይናንሻልን ካብ ፋይናንሻል ወፃኢ ንዘለው ሓበርቲ ብምጥቓም ናይ ትካል ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምዕቃን ዘኽእለና ማዕቀፍ እዩ። ብሓፈሻኡ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ናይ ትካል ውሽጣዊን ደጋዊን ፋይናንስን ካብ ፋይናንስ ወፃኢ፣ ናይ ሕዚን ናይ መፃኢን ውፅኢታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ሚዛን ሓልዩ ንምዕቃን ዘኽእል ሜላ እዩ።

## ስእላዊ መግለፂ 6፡- ናይ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ኣተገባብራ ብርኪታት



## *ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ተግባራዊ ንምግባር እንኽተሎም ከይዲታት/ብርከታት*

ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ብምጥቓም ናይ ትካል ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምዕቃን እንኽተሎም ብርከታ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ብርኪ ሓደ :-

*ናይ ትካል መፅናዕቲ/ዳህሰሳ/ ብምጥያሽ ግልፂ ዝኾነ ተልእኾን ራእይን ምቕማጥ*

ሓደ ትካል ናይ መፃኢ ኣካያይድኡ ቅድሚ ምቕማጡ ናይ ትካሉ ውሽጣዊን ደጋዊን ኩነታት ብምድህሳስ "ኣበይ ኢና ዘለና? " "where are now " ዝብል ሕቶ ብፈለማ ክምለስ ኣለዎ። ውሽጣዊን ደጋዊን ዳህሳስ ናይ ትካልና ኩነታት መበገሲ መረዳእታ ብምቕራብ "ኣበይ ኢና ዘለና? " ንዝብል ሕቶ መልሲ ንምሃብ ይሕግዘና። ናይቲ ዳህሳስ/መፅናዕቲ/ ውፅኢት ንኹሉ ናይ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ብርክታት መሰረት ኾይኑ ይጠቕመና። ስለዚ ትካላት ብኹሉ ናይ ውፅኢት ተኮር ስራሕ ኣመራርሓ ኽይዲታት ውሽጢ ናይ ውሽጣዊን ደጋዊን ኩነታት ዳህሳስ ምትግባር ይግብኦም።

ናይዚ ዳህሳስ/መፅናዕቲ/ ውፅኢት እቲ ትካል ስትራተጂያዊ ኣተሓሳስባ ንክህልዎን ስትራተጂያዊ ሽቶታት ንምቕማጥ መሰረት ይህልዎ። ስለዝኾነ ሕድሕድ ትካል

- ራእይ ፣ ተልእኾ፣ዝምርሐሉ መርሆ፣ ዕላማን ሽቶን ብምቕማጥ ኣንፈቱ ይሕዝ
- እቲ ኣንፈት ኣብቲ ትካል ውሽጢ ብዘለው ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ዘፈራት ብተወሳኺ ካብ ደገ ምስ ካልኦት ትካላትን ከመይ ተጠዓዒሙ ክንኸተሎ ከምዝግበኣና ይውስን።
- ከም ክትትል፣ ገምጋም፣ ሪፖርት ኣገባብራን ዝኣመሰሉን ናይ ስራሕ ኣመራርሓን ናይ ቑፅፅር ስርዓትን ይዝርጋሕ።

ውሽጣዊን ደጋዊን ኩነታት ናይ ምድህሳስ ስራሕ ብዙሕ ጊዜ ጥ.ድ.ዕ.ስ ወይ /S.W.O.T/ ተባሂሉ ይፅዋዕ።

⇒ ጥንካረ/ ውሽጣዊ ኩነታት እቲ ትካል/
⇒ ድኽመት /ውሽጣዊ ኩነታት እቲ ትካል/
⇒ ዕቡቕ ዕድል /ደጋዊ ኩነታት እቲ ትካል/
⇒ ስግኣት /ደጋዊ ኩነታት እቲ ትካል/

ምድህሳስ ውሽጣዊን ደጋዊን ኹነታት ሓጋዚ መሳርሒ ናይ ሓደ ትካል ትልሚ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ተሽታታልነት ንዘለዎ ኽይዲ ለውጢ ናይ ፖሊሲ ኣንፈት ንምድላውን ናይ ትካል ፀገም ንምፍታሕ ዝረድእ መሳርሒ እዩ፡፡

**ብርኪ ክልተ፡-**

***<u>ምውሳን ስትራተጂያዊ ዕላማ</u>***

ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ዝተገበረ ዳህሳስን ክለሳን መሰረት ብምግባር ዕላማታት ናይቲ ትካል ትኹረትን ኣንፈትን ብዘርኢ መልክዕ ግልፂ ኾይኖም ክቕመጡ ኣለዎም፡፡ ሕድሕድ ትካል ካብዚ ስትራተጂያዊ ዕላማ ብምብጋስ ኣብቲ በጀት ዓመት ዝፍፅምዎምን ክልክዑ ዝኽእሉ ዕላማታትን ዘጠቓለለ ዓመታዊ ትልሚ ክዳሊ ኣለዎ፡፡ እቲ ዝዳለው ዓመታዊ ትልሚ ናብ ስትራተጂያዊ ዕላማ ንምብፃሕ ዘኽእል ክኾን ይግባእ፡፡

ኣብ እዋን ዕላማ ምድላው/ ምቕራፅ/፡-

- እቲ ዝተደለየ ዕውትነት ዕላማ
- ዝምረት /ዝተውሃበ ምህርቲ/ግልጋሎት
- ተጠቀምቲ እቲ ምህርቲ /ግልጋሎት/ ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ፡፡

**ብርኪ ሰለስተ**

***<u>ናይ ትካል ዕላማታት ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ምሽራፍ/Cascading/ Decomposition of strategic goals in to smaller component</u>***

እቲ ሳልሳይ ብርኪ ኣብቲ ኸይዲ ካብ ዝርከቡ ሽድሽተ ብርክታት ሓደ ኾይኑ ካብ ዘፈር ስራሕ/መምርሒ፣ጉጅለ ወይ ናይ ስራሕ ክፍሊ/ ትዕቢት ዝግበረሉ ዕውትነት ዕላማ ንምውሳን እንጥቀመሉ ሜላ እዩ፡፡ ካብ ዘፈር ስራሕቲ ትዕቢት ዝግበረሉ ዕውትነት ዕላማ /Outcome /ንምውሳን ወይ ፈሊኻ ብምውፃእ ኣብ ተግባር ንምውዓል ኣብ እንደልዮ ሜላ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ውሽጢ ትኽክለኛ መዐቀኒታት ፈሊና ንምፍላጥ ይሕግዘና፡፡

ዘፈር ስራሕ እንብሎ ካብቲ ሰራሕተኛ ወይ ካብቲ ፈፃሚ ኣካል ቐፂሉ ዝተወሰነ ናይ ሰራሕተኛ ቑፅሪ ዘለዎን ብሓደ ናይ ቐረባ ሓለቓ ዝምራሕ ኣካል እዩ፡፡ ዘፈር ስራሕ ዝብሃል ኣብ ትካላዊ መሓውር ብጊዚያዊነት ወይ ብቐዋሚነት ዝስራሕ መምርሒ ብሓባር እናተሓጋገዙ ናይ ሓባር ዕለማ ንምዕዋት ዝሰርሕ ይኸውን፡፡

3.1 ***ዕላማታት ዘፈር ስራሕ ምፍላይ***

ብምኽንያት ኹሎም ዓይነታት ስራሕን ኣወዳድባን ሓደ ዓይነት ስለዘይኾኑ በዚ ፅሑፍ ብዘፈር ስራሕ ብርኪ እንታይ ክንዕቅን ከምዝግበኣና ንምውሳን ዘኽእሉ ክልተ ዝተፈላለዩ ሜላታት ቐሪቦም ኣለው:-

ሀ/ ዕላማታት እቲ ትካል ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ምሽራፍ / A Goal cascading method/.

ለ/ ሜላ ዓማዊል ተኮር / Customer focused method/.

ብመዳይ ብኣጠቓቕምኦም ምስቲ ዝኒሀኹምዎ ኹነታት ብዘስማዕማዕ መንገዲ ካብቶም ዝተጠቐሱ ሜላታት ሓዲኡ ወይ ክልቲኦም ምጥቃም ይክኣል:: እቶም ሜላታት እንትንጥቀም ዕውትነት ሽቶ / Output/.እንተይኾነ ዕውትነት ዕላማ/ Outcome/. ብምግላፅ እቶም ውፅኢታት ምዕቃን ከምዝግባእ ምስትውዓል ኣድላይ እዩ::

**ሜላ-ሀ** ***ዕላማታት እቲ ትካል ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ምሽራፍ***

ሜላ ምሽራፍ ዕላማ ንሓደ ዘፈር ስራሕ ብዝበለፀ ከገልግል ዘኽእል ኣብቲ ናይቲ ትካል ስትራተጂያዊን ዓመታዊን ትልሚ ዝተገለፀ ዕላማታትን ሽቶታትን ብቀጥታ ምስቲ ስራሕ ተግባርን ሓላፍነትን ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ከለው እዩ::

- እዚ ሜላ ነዞም ዝቕፅሉ ሕቶታት መልሲ ምርካብ ይሓትት
- ናይቲ ትካል ዝርዝር ዕላማታትን ሕቶታትን እንታይ እዮም?
  እዚ ካብቲ ትካል ዓመታዊ ትልሚን ካብ ተገልገልቲ ናይ ኣገልግሎት ኣወሃህባ ብርክታት ክርከብ ይካኣል::
- እቲ ዘፈር ስራሕ ፅዕንቶ ዝገብረሎም/ዝፍፅሞም/ ትካላዊ ዕላማታት ኣየኖት እዮም?
- ኣብዝሓ እዋን ዘፈራት ስራሕ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ኣብቲ ናይቲ ትካል ሓደ ዕላማ እዩ:: ኾይኑ ግና ሓደ ሓደ እዋን ናይ ትካል ዕላማታት ብዝሕ/ስፍሕ/ ኢሎም ስለዝዳለው ናይ ክፍልታት ስራሕ ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ዝኾኑ ፅዕንቶ ከሕድሩ ይኽእሉ እዮም::
- ናይቲ ቤት ፅሕፈት ዕላማ ንምዕዋት ዘፈር ስራሕ እንታይ ዓይነታት ዕላማ ወይ ንኡስ ዕላማ ምፍፃም ይፅበዮ?
- ናይቲ ዘፈር ስራሕ ዕላም ምስቲ ትካል ዕላማ ምትእስሳር ቐልፊ ጉዳይ እዩ:: ናይቲ ዘፈር ስራሕ ምስቲ ናይቲ ትካል ዕላማ ዘይጠዓዓም ምኺኑ እንተተፈሊጡ ንድሕሪት ተመሊስኻ ኹነታት ምግምጋምን ምርኣይን የድሊ:: እቲ ዝተገበረ ግምገማ እቲ ሓቂ ዘረጋግፅ እንተኾይኑ እቲ ዘፈር ስራሕ ዝሓዘ ዕላማ እስካብ ምስራዝ/ምሕዳግ/ ክኸውን ይከኣል::

**ስእላዊ መግለፂ 7.** **ትካላለዊ ዕላማታትን ሽቶታትን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ምሽራፍ**




**ዕላማ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ምሽራፍ** →

**ስእላዊ መግለፂ 8** **ትካላዊ ዕላማን መዐቀኒን መብፅሒ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ምሽራፍ**



ሜላ-ለ <u>ዓሚል ተኮር</u>

እዚ ሜላ እቲ ዘፈር ስራሕ ንዓማዊሉ ብዘቕረቦ ምህርቲ ወይ ግልጋሎት እንታይ ዕላማ ንከዕውት ከምዝተደለየ ምውሳን ይሓትት።

ሜላ ዓሚል ተኮር ዝብሃል ናይ ሓደ ዘፈር ስራሕ ዕላማታትን ሽቶታትን ካብ ትካላዊ ዕላማታትን ሽቶታትን ምሽራፍ ዘይከኣል እንድሕር ኾይኑ ዓማዊል ካብቲ ዘፈር ስራሕ እንታይ ከምዝዕበዩ ብዝግባእ ብምፍላይ ናይቲ ዘፈር ስራሕ ዕላማታትን ሽቶታትን ንምቕማጥ ዘኽእል ሜላ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ሜላ ኣብ ምምሕዳራዊ ድጋፍ ውሃብቲ ከም ሓይሊ ሰብ ምምሕዳር፣ ዕደጋ ክፍሊ፣ ፋይናንስ ክፍሊ፣ ዕገና ክፍሊ ወዘተ… ዝኣመሰሉ ብቐሊሉ ተግባራዊ ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ሜላ ርዌት ዓማዊል ጠመተ ዝገበረ እንትኸውን፧ ነዚኦም ዝስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

- ናይቲ ዘፈር ስራሕ ዓማዊል እንመን እዮም? ናይቲ ዘፈር ስራሕ ድጋፍ ምሃብ እንተጸኣ ኾይኑ መብዛሕትኡ ዓማዊል ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ዝርከቡ እዮም።
- ንሕድሕድ ዓማዊል ንህቦ ምህርቲ/ግልጋሎት እንታይ ዕላማ ንኽዕውት እዩ?

ኣብዚ ዕውትነት ዕላማ'ምበር ዕውትነት ሽቶ ክግለፅ ከምዝይብሉ ክንግንዘብ ይግባእ። እቲ ትሕት ኢሉ ተቐሚጡ ዘሎ ስእላዊ መግለፂ ኣቀራርባ እዚ ሜላ ዘርኢ እዩ።

**ስእላዊ መግለፂ** 9



ብርኪ 3.2 <u>ዕላማታትን ንኡሳን ዕላማታትን ብኣንፃር ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ምቕማጥ</u>

ኣብዚ ብርኪ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ንኡሳን ዕላማታት ብመንፅር ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ምድብ/Balanced score card Quadrants/ ይቕመጡ። ኣብ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ዝርከቡ ኣርባዕቲኦም ምድባት ብባህሪኦም ዝተኣሳሰሩን ዝተዋደዱን እዮም።

ኣብ ከይዲ ምቕማጥ ንኡሳን ዕላማታት ዝተወሰኑ ምደባት ኣብ ውሽጦም ንኡሳን ዕላማታት ክሕዙ ይኽእሉ እዮም። ትካላዊ ልኡኽ፣ ስትራተጂክ ዕላማታን ንኡሳን ዕላማታት መሰረት ጌሩ ዝቕረፅ ስእላዊ መግለፂ እንድሕር ናይ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ባህርያት ዘይብሉ ተግባራዊ ክኸውን ኣይኽእልን።

ይኹን'ምበር እዚ ብርኪ ንኽዕወት ትካላዊ ልኡኽ፣ ዕላማታትን ንኡሳን ዕላማታትን ብዝግባእ ምሕንፃፆም ክረጋገፅ ይግባእ።

ትሕት ኢሉ ተቐሚጡ ዘሎ ኣብ ሕድሕድ ምድብ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ክልዓሉ ዝግብኦም ሕቶታት ዝሓዘ እንትኸውን ነዚኦም ሕቶታት ምላሽ ንምሃብ ዕላማ/ንኡሳን ዕላማታት ከምኡ'ውን መለክዒታት ኣብ ሕድሕድ ምድብ ብዝግባእ ንምቕማጥ ይሕግዝ።

## ሰደቓ 2 ኣብ ሕድሕድ ክፋል ስኮር ካርድ ክሕተቱ ዝግብኦም ሕቶታት

| ምድባት | ሕቶታት |
|---|---|
| ብዓይኒ ተገልገልቲ | - ንዓማዊልና ጠቓሚ እንታይ እዩ? መሰረታዊ ድሌታቶም እንታይ'ዮም?<br>- ዓማዊልና ኣብ ኣከባብራን ኣጠቓቕማ ስዓት ከመይ ይምዝንዎ?<br>- ዓማዊልና ናይ ዕሬት መለክዒታት ጌሮም ዝወሰድዎ እንታይ እዩ? ዘቕመጡዎ ብርኪ ወይ ሽቶ ኣሎዶ?<br>- ዓማዊልና ኣብዚ እዋን ትካልና ከመይ ይምዝንዎ?ካብ ትካልና ዝምዝንዎ እንታይ እዩ?<br>- ብዘፈር ፋይናንስ ንዓማዊልና ዝጠቅም እንታይ እዩ?<br>- ንዓማዊልና ጉቡእ፣ ቅልጡፍን ዘሕጉስን ምላሽ ምሃብ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ዝተቐመጠ ስታንዳርድ /ሽቶ/ ኣሎዶ? |
| ብዓይኒ ውሽጣዊ ከይዲ ኣሰራርሓ | - ዕሬት ከመይ ንገልፆ? ብዘጋጥሙ ግድፈታት ድዩ? ዕውትነት ከመይ ንገልፆ? ዕሬት ብዘሎ ፍርያት ድዩ?<br>- ኣድላይነት ውሽጣዊ ከይዲ ኣሰራርሓ ንምምሕያሽ ከመይ ይውሰን? ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘለዎም ረብሓ ብከመይ ይዕቀን?<br>- ውፅኢታውነት ከመይ ይዕቀን? ኣድላይ ድዩ? ዕላማታትን ሽቶታትን ተቐሚጦም ድዮም?<br>"ዝወስዶ ግዜ" ዝግለፅን ዝዕቀን ከመይ እዩ?<br>ናይ መመሓየሺ ዕላማታትን ሽቶታትን ተቐሚጦም'ዶ? |
| ብዓይኒ ትካልን ህንፀት ዓቕሚ ሰራሕተኛን | - ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣየኖም ባህሪያት ዕሬት/ Attributes/ይዕቀኑ? ዝተቐረፁ ዕላማታት ኣለውና'ዶ?<br>- ኣብ ተግባር ዝርከብ ምምሕያሽ ከይዲ ኣሰራርሓ ኣለና'ዶ? ረብሕኦም ንምዕዋት ዝኽእሉ መዐቀኒታት ኣለውና'ዶ? ነዚ ዝተቐመጡ ዕላማታትን ሽቶታትን ኣለና'ዶ?<br>- ዕግበት ሰራሕተኛታት ኣብዚ ሕዚ እዋን ተዓቂኑ ድዩ?<br>- ግብረ መልሲ ንምሃብ ዝተወሰዱ ናይ ምምሕያሽ ተግባራት/ከይዲ/ ምትዕርራያት እንታይ'ዮም? |
| ብዓይኒ ፋይናንስ | - ኣብቲ ትካል ውሽጢ ውፅኢታዊ ዝኾኑ ናይ ባጀት/ፋይናንስ/ ቑፅፅር ምሕላው ከመይ ትፈልጥ? ዕውትነት/ ውፅኢታዊነት ዘመላኽቱ እንታይ እዩ? ዕውትነትና ከመይ እንፈልጥ?<br>- ዝወፅአ ወፃኢን ዝተረኸበ ውፅኢትን ከመይ ይጠዓዓም?<br>- ኣብ ተግባር ዝርከብ ከይዲ ኣሰራርሓ ናይ ምምሕያሽ ስራሕ ኣለናዶ? ዕላማ ወይ ክብፀሓሉ ዝግባእ ሽቶ ኣለና'ዶ? |

ብርኪ 4

## *ናይ ትካል ስትራተጂያዊ ምትእስሳር ምፍጣር*

ኣብ ዝተዳለወ ሓፈሻዊ ናይቲ ትካል ስትራተጂ፣ ናይ ምኽንያትን ናይ ውፅኢትን ምትእስሳር/Cause-Effect linkege/ እዚ ማለት "............ተኾይኑ............ይኸውን" /if .... then logic connection/ብምጥቃም ኣብ ሕድሕድ ክፋል ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ዝተቐመጡ ዕላማታት/ንኡሳን ዕላማታት ብምትሕሓዝ ስትራተጂክ ምትእስሳር ይፍጠር። ኣብ መንጎ ስትራተጂካዊ ዕላማታት/ ንኡሳን ዕላማታት ዝሕሉ ምትእስሳር ወይ ረኽቢ ንሕድሕድ ስትራተጂካዊ ዕላማ/ንኡስ ዕላማ ዝኾነ ናይ ውፅኢት ጎስጓሳት/Key performance drivers/ ንምፍላይ ዝጠቅም እንትኸውን፣ የእትወኒ ብሃልቲ ናብ ዝፅበዩዎ ናብ ዕውትነት ዕላማ ዝወስድ መንገዲ ብንፁር ሲኢሉ የርእየና።

ስእላዊ መግለፂ 10

<u>**ምትእስሳር ክፋላት ሚዛናዊ ስኮር ካርድ**</u>




ስእላዊ መግለፂ 11 <u>**ምትእስሳር ሽቶታት**</u>


ብዓይኒ ተገልገልቲ
ርዌት ተገልገልቲ ምዕባይ
ርዌት የእትወኒ በሃልቲ/መንግስቲ/
ብዓይኒ ባጀት
ወፃኢ ምንካይ
ኣታዊ መንግስቲ ምስፍሕፋሕ
ብዓይኒ ውሽጣዊ ኣሰራርሓ
ምምሕያሽ ከይዲ ዑደት
ህፁፅ ምላሽ ምሃብ
ከይዲ ስራሕ ምንካይ
ሓደሽቲ ግልጋሎት ምሃብ
ክፍሊት ኣገልግሎት ምንካይ
ናይ ተገልገልቲ ተሳትፎ ምዕባይ
Learning & Growth ብዓይኒ ትካላዊ ህንፀት ዓቕሚ
ምምሕያሽ ውፂኢታዊ ሰራሕተኛ
ርዌት ሰራሕተኛታት ምዕባይ
ናይቲ ሰራሕተኛ ውልቃዊ ዕላማ ምስ ትካላዊ ዕላማ ምጥዕዓም
ዕቡቕ ናይ ስራሕ ሃዋህው ምፍጣር
ስትራተጂያዊ ክእለትን ፍልጠትን ምህናፅ
ሓበሬታ ናይ ምርካብ ዕድል ምስፋሕ
ውፅኢት ተኮር ናይ ስራሕ ባህሊ ምህናፅ

እዚ ብርኪ’ዚ ናይ ኣፈፃፅማ ትልሚ መዐቀኒታት ኦፐሬሽናል ስትራተጂካዊን ዝኾኑ ዕብየታትን ለውጥታትን ጠሚርካ/ኣዋዲድካ/ ንምኻድ ይዳለው። ግቡእ ዝኾነ ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ መዐቀኒታት ንምድላው፣ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ኣብዚኦም ውፅኢታት ንምብፃሕ ዘድሊ ከይዲ ኣቐዲምካ ምርዳእ የድሊ።

ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት ብዓይኒ ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ተገልገልቲ ዝዕቀኑ እንትኾውን፤ ኣካይዳ ድማ ምስ ወነንቲ እቲ ኸይዲ/Process owner/ ብዓይኒ ዕግበት ተገልገልቲ ንምምላእ ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት ይዕቀኑ።

ቕድሚ ትርጉም ዘለዎም መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምድላው ክማልኡ ዝግብኦም ኣብ መንጎ ውፅኢታትን ውፅኢት ንምምፃእ ክንኸተሎ ዝግበአና ኣካይዳን ክህልው ዝግባእ ረኽቢ ምግንዛብ የድሊ እዩ።

ብርኪ 5.1 <u>መዐቀኒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዘዳሉ ጉጅለ ምጥያሽ</u>

ዓርስኻ ንምውዳብ ፈለማይ ስራሕ ወይ ተግባር ናይ ኣፈፃፅማ ትልሚ መዐቀኒ ጉጅለ ምጥያሽ እዩ። እቲ ጉጅለ ዘካትቶም:-

- ኣብ ዝምዘን ስራሕ ዝሰርሑ ኣካላት
- እቲ ዝምዘን ስራሕ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ኣካላት ክኾኑ ይግባእ።

ሕድሕድ ሰራሕተኛ ክዋፅኦ ዝግባእ ናይ ስራሕ ብፅሒት ብዝግባእ ምርዳእ ምኽኣልን ኣብ ከይዲ ትግበራ’ውን ናይ ባዕሉ ግደ ፈልዩ ክፈልጥ ይግባእ።

ብርኪ 5.2 <u>ስርዓት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ቁልፊ ቃላት ምርዳእ</u>

ኣብ ስርዓት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንጥቀመሎም ቴክኔካዊ ቃላት ብጣዕሚ ዘደናግሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ስለዝኾነ ድማ እቲ መዐቀኒ ዘዳሉ ጉጅለ ትርጉሞም ብዝግባእ ምርዳእን ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ’ውን ክበፅሑ ይግባእ።

## <u>ዓይነታት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ</u>

**ብሓፈሻ ዓይነታት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ሓሙሽተ ይምቀሉ፡-**

1. ***መዐቀኒታት እታወታት /Input measures/***

   ሓደ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ካብ ዝተቐመጠሉ ዕላማ ወይ ሽቶ ንምብፃሕ ዝጥቀመሎም ሓይሊ ሰብን ካልኦት ሓላፍነት ንምፍላጥ ይሕግዝ፡፡

2. ***መዐቀኒታት ዕውትነት ሽቶ /Output measures/***

   ኣብ ሓደ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ዝቐርብ ምህርቲ ወይ ግልጋሎት ንምዕዋት ዘገልግል እዩ፡፡ ሓደ ስልጠና ከም ኣብነት እንድሕር ወሲድና ዕውትነት ሽቶ ኢልና እንዕውዖ ቑፅሪ ስልጠና ዘናቐቑ ሰብ ሞያ እዩ ዝኸውን፡፡

3. ***መዐቀኒታት ከይዲ ስራሕ  /Process measures/***

   ክቐርብ ዝድለ ምህርቲ ወይ ግልጋሎት ንምብፃሕ እንኸተሎ ከይኪ ንምርዳእ ይሕግዝ፡፡ ስልጠና ከምኣብነት ደጊምና እንድሕር ወሲድና ኣብ ከይዲ እቲ ስልጠና ብዝተትሓዘሎም ፕሮግራም/Schedule/ ዝተዛዘሙ በዝሒ ኮርስታት ንምዕቃን እንጥቀመሉ እዩ፡፡

4. ***መዐቀኒታት ዕውትነት ዕላማ/Outcome  measures/***

   ናይቲ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ እቶም ዕውትነት ሽቶታት ኣብ ዝተተለምሉ ዕላማ ምዕዋቶም ይዕቅነልና፡፡ ንኣብነት ናይ ሓደጋ ድልውነት ወይ ጥንቃቐ /Safety / ብዝምልከት ዝውሃብ ስልጠና ዘምፅኦ ዕውትነት ዕላማ ኣብ ከይዲ ስራሕ ዝግበሩ ጥንቃቐታት ለውጢ ኮይኑ መግለፂኡ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰራሕተኛ ዝበፅሕ ዝነበረ ጉድኣት፣ ሓደጋ፣ ሕማም ምንካይ ዝኣመሰሉ እንዕቅነሉ እዩ፡

5. ***መዐቀኒታት ለውጢ ወይ ፋይዳ/Impact measures/***

   ናይ ለውጢ/ፋይዳ/ መዐቀኒታት እንብሎም ናይቲ ትካል ወይውን ዘፈር ስራሕ ዕላማታት ብምዕዋቶም ዝርከቡ ብቀጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ እንረኽቦም ለውጥታት ወይ ውፅኢታይ እዮም፡፡ ኣብነት ለውጢ ወይ ፋይዳ ዝኾነና እቲ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ኣብዘይነበረሉ ጊዜ ዝነበረ ኹነታትን እቲ ትካል ዕላምኡ ድሕሪ ምዕዋቱ ዝተረኸበ ኣፈላላይ ወይ ውፅኢት ማለት እዩ፡፡

6. ***መዐቀኒታት ባህሪ/Behavioral measures/***

   እዞም መዐቀንታት እዚኦም ናይ ሰራሕተኛታት ወይ ናይቲ ትካል ናይ ስራሕ ባህሊ፣ ስምዒትን ኣረኣእያን ዝዕቅኑ እዮም፡፡ ኣብነት፣

   - ስራሕቲ ብኣካል ምዕዛብን ምክትታልን
   - ፕሮግራም ድሕንነት ስራሕ/Safety program/ ምትግባር
   - ዕግበት ሰራሕተኛታት ምዕቃን

<u>**ክፋላት መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ትልሚ**</u>

ናይ መመዘኒ ኣፈፃፀማ ውፅኢት ኣብ ሓሙሽተ ከፊልካ ክረአ ይከኣል እዩ፡፡

ንሳቶም’ውን፡-

ዕውትነት/ Efficiency/ = [ ዝተጠቐምናዮ እታወት / ዝተተለመ እታወት

ውፅኢታውነት/ Effectivness/ = ዝተረኸበ ውፅኢት / ዝተተለመ ውፂኢት

ፅሬት/ Quality/ = ብትኽክል ዝተሓፈሰ ምህርቲ ወይ ዝተውሃበ ግልጋሎት / ብጠቕላላ ዝተሓፈሰ ምህርቲ ወይ ዝተውሃበ ግልጋሎት

ግዜ / Timeliness/ = ኣብ ስዓቱ ዝተሓፈሰ ምህርቲ ወይ ዝተውሃበ ግልጋሎት / ብጠቕላላ ዝተሓፈሰ ምህርቲ ወይ ዝተውሃበ ግልጋሎት

መፍረይነት/ Productivity / = ዕውትነት ሽቶ / እታወት

ብርኪ 5.3 ንሕድሕድ ምድብ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ መዐቀኒታት ኣፈፃፀማ ትልሚ ምድላው

## መዐቀኒታት ኣፈፃፀማ ትልሚ ብከመይ ምድላው ይከኣል?

ቕድሚ መዐቀኒታት ኣፈፃፀማ ትልሚ ምድላው ትካላዊ ልኡኽ፣ ዕላማታትን ሽቶታትን ምድላው ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብኣጋጣሚ ትካላዊ ልኡኽ ዕላማን ሽቶታትን ካብ ዝዳለው ብዙሕ ዓመታት ዘቑፀሩ እንድሕር ኾይኑ ብመሰረት ብርኪ ሓደ እቲ ዝርዝር መቆፃፀሪ /Checklist/ ብምምስኻርን ብምግንዛብን ምስትኽኻል የድሊ፡፡ እንድሕር እቲ ስትራተጂክ ትልሚ ምክላስ ኣድሊዩ ግቡእ ዝኾነ ናይ ስትራተጂክ ማንዋል ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ዕቡቕ መዐቀኒታት ኣፈፃፀማ ትልሚ ምድላው ጥራሕ ናይ መወዳእታ ሽቶ ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ ድማ መዐቀኒ ኣፈፃፀማ ትልሚ ኣብ እናዳልወሉ እዋን ምስ ብርኪ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ኣብ ቑልፊ ጉዳያት ኣወሃህባ ውሳነ፣ ከምኡ’ውን ምስ ህዝቢ ተሓታትነት ከተኣሳስር ይግብኦ፡፡

## መዐቀኒ ኣፈፃፀማ ትልሚ/ሓበርቲ/ ምድላው

ናይቲ ትካል ሸቶ ኣብ ዝጻለወሉ እዋን ንቕድሚት ክብፅሓሉ ኣብ ዝግባእ ምስ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምንፅፃር ክከኣል ምእንቲ እቲ ትካል ሕዚ ዘለዎ መዐቀኒ ኣፈፃፅማ/መበገሲ/ ፈልዩ ኣቕሚጡ እዩ። ከምኡ'ውን ናይቲ ትካል መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ሸቶ ተመሳሳሊ ዕላማ ምስ ዘለዎ ትካል መበገሲ/Bench marking / ብምውሳድ ተጻሊዩ ክኸውን ይኽእል (ኣብ ማንዋል ስትራተጂክ ትልሚ "ኣበይ ክበፅሕ ይደሊ? " ዝብል ክፍሊ ተመልከት) ናይ ትካላዊ መዐቀኒ ትልሚ ዕብየት ሸቶ /Progress / ንምዕቃን ኣብ እንትልመሉ እዋን ዘጋጥሙና ቑልፊ ፀገም ብትኽክል እንታይ እዩ ዝዕቅን /What to measure/ ዝብሉ ጉዳያት ምውሳን እዩ።

መለክዕታት ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ቁልፊ ዝኾነ ናይ ተግባር ውፅኢታት ምምራፁ ንምዕዋት እቲ ስራሕ ኣድላይ እዩ። ቁልፊ ናይ ተግባር ውፅኢታት እንብሎም ብኣጠቓላሊ ናይ'ቲ ትካል ዕውትነት፣ ውፅኢታውነት፣ ዕሬት፣ እዋናዊን መፍረያይነትን ወይ ኣብ ድሕንነት/Safety/ ዘየናዓቕ ፅዕንቶ ዘሕድሩ እዮም።

መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ተግባር ኣብ እንወዕለሉ እዋን ክግበሩ ዝግብኦም ነገራት ፦

- ብዘለካ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ተበገስ፣
- ኣብ ውፅኢት ጠመተ ሃብ፣
- ትርጉም ዘለዎ ውሱን መለክዕታት ምረፅ፣
- ግቡእ ዝኾኑ መለክዕታት ኣብ ዝዳለውሉ እዋን ኣፈፃፅማ ትልሚ መረዳእታ ተጠቀምቲ ዝኾኑ የእተወና ብሃልቲ(ተገልገልቲ፣ ናይ መንግስቲ ኣብያተ ዕዮ ስራሕ መካየድቲን ሰራሕተኛታትን ከምኡ'ውን ኣፈፃፅማ ትልሚ መረዳእታ ዝእክቡ ሰራሕተኛታት)ምስታፍ።

ንሕድሕድ ዕላማ መብፅሒ/Goal Target/ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ/መለክዕታት / ንምድላው ዝስዕቡ ብርክታት ምኽታል።

1. "ኣነ እንታይ ክፈልጥ እደሊ?" ... ዝብል ሕቶ ብመለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ/ዕውትነት፣ ውፅኢታውነት፣ ዕሬት፣ መፍረያይነት ወዘተ.../ ምምላስ የድሊ። ነዚ ሕቶ እንህቦ መልሲ ስቕ ኢሉ ጥረ መረዳእታ /Raw data / ምእካብ እንታይኮነስ ዝጠቅም መረዳእታ ንምርካብ ምኺኑ ኣረጋግፅ። ሓደሻዕ እቲ ሕቶ ምስተመለሰ ብቑፅሪ ብኸመይ ምቕማጥ ከምዘለካ ወስን።

<u>*ንኣብነት*</u>

- መጠን ውልዶ ህፃናት፣
- መጠን ስእነት ስራሕ፣
- መጠን ሓደጋ መኪና፣

ወይ ዝተወሰነ ብርኪ ወይ ስኮር/Score/ ምምሕያሽ።

<u>*ንኣብነት*</u>

- ውፅኢት ፈተና ኮለጃት
- ብርኪ ዕብየት ኢኮኖሚ ብሃገር ደረጃ

2. ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ምምላስ ናይ'ቲ ትካል ሓበርቲ ኣፈፃፅማ ትልሚ ምፍላይ

- እታወት/Input / እንሕና እንታይ ኢና እንደሊ?
- ዕውትነት ሽቶ /Output / እንሕና እንታይ ዓይነት ግልጋሎት ንህብ ወይ እንታይ ነፍሪ?
- ዕውትነት ዕላማ /Outcome / እንሕና እንታይ ውፅኢት ነምፅእ?
- ዕውትነት ዕላማ /Efficiency/ ዘለና ሃፍቲ ከመይ ብፅቡቕ ኩነታት እናተጠቐምና ኢና?
- ዕሬት/Quality/ እንሕና እንታይ ዝኣክል ምምሕያሽ ንኽእል?

3. ሽቶታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምኽላስን እንታይ ዓይነት ለውጢ ከምዝሕሎ ብትኽክል ምግላፅ፣ ዝሕሎ ለውጢ ዝመፅአ ምኺኑ ንምርግጋፅ እንታይ ዓይነት መረዳእታ/Information/ ከምዘድሊ ምውሳን፣
4. ቅድም ክብል ዝተኣከበ መረዳእታ ኣፈፃፅማ ትልሚ ምክላስ፣
5. ዕውትነት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምዕቃን ሓሳብ ንሓሳብ መለዋወጢ መድረኽ ምጥቃም /Brainstroming pocess/.
6. መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ፍልፍል ዝኾውን ጥረ መረዳእታ ምፍላይ፣
7. ዝተኣከበ ጥረ መረዳእታ ኣበይ ምጥቃም ከምዘድሊ ምውሳን፣
8. መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ዝእከበሉ መሳርሒ ምፍላይ፣ ብተወሳኺ'ውን መዐቀኒ መሳርሒ ዝብሃሉ እንታይ ወይ መን ይዕቀን ወይ እንታይ መረዳእታ ይእከብ ዝብል ምፍላይ።
9. መለክዕታት ኣብ ክንደይ እዋን ምስላሕ ከምዝግባእ ምውሳን፡-
    - ብተወሳኺ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ እተጻልውሉ እዋን ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ውሽጢ ምእታው የድሊ፡- ላዕለዋይ ውሳነ ወሃቢ ኣካላት ብዛዕባ እቲ ትካል ወይ ብዛዕባ ዘፈር ስራሕ እንታይ ምፍላጥ ከምዘድልዩ ሕተት፣
    - የእትወና ብሃልቲ/ሚኒስቴር ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን፣ ኤጀንሲ ፌደራል ሲቪል ሰርቪስ፣ ኣብያተ ምኽርታት፣ ወዘተ.../ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ መረዳእታታት ፈሊኻ ምፍላጥ፣
    - ካልኦት ትካላት ተመሳሳሊ ዝኾኑ ውፅኢታት ከመይ ከምዝዕቀኑ ምርኣይ፣

ሓደ ግዘ ቑልፊ መለክዕታት/ ሓበርቲ ድሕሪ ምምራፅካ ቕጥዒ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ/Check list/ ኣከታቲልካ ንምምላእ ጠቓሚ ምኺኑ ምርዳእ የድሊ።

ቕጥዒ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ/Check list/.

ነቲ ሕቶ መልሲ እወ እንተኾይኑ "✓" ምልክት ኣብ ውሽጢ እቲ ሳንዱቕ ኣቐምጥ። እቲ መልሲ ኣይኮነን እንተኾይኑ "✕" ምልክት ኣብ ውሽጢ እቲ ሳንዱቕ ኣቐምጥ። ኣብ መወዳእታ ከምኣድላይነቱ መለክዕታት ክለሳ ምግባር ይካኣል።
ናይ'ቲ ትካል/ዘፈር ስራሕ/ መለክዒ ኣብ እተዳልወሉ እዋን ካብ'ዚ ንታሕቲ ዝስዕቡ ሕቶታት ሕተት።

## ቕጥዒ 3፡- መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ቸክሊስት

**<u>መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ቸክሊስት</u>**

| ዕላማ ቑፅሪ፡-<br>ሽቶ ቑፅሪ፡- | ናይ'ቲ ትካል/ዘፈር ስራሕ/ ሽምን ቑፅሪን<br>መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ | | | |
|---|---|---|---|---|
| መመርመሪ ሕቶታት | 1 | 2 | 3 | 4 |
| መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ምስቲ ትካል ሽቶ ይዛመድ ድዩ? | | | | |
| ዝተዳለወ መለክዒ ክልካዕ ዝተሓሰበ ነገር ክልካዕ ዝኽእል ድዩ? ወይ ግቡእ/valid/ ድዩ? | | | | |
| እቲ መለክዒ ካብ እዋን ናብ እዋን ሓደ ዓይነት መረዳእታ ክህበና ይኽእል'ዶ? /እቲ መለክዒ ዝተኣማምን ድዩ? | | | | |
| እቲ መለክዒ ዝተፈላለዩ ሰባት ብቐሊሉ ክርድእዎ ዝኽእሉ ድዩ? ግልፂ ድዩ?/ is it clear?/ | | | | |
| ንቲ መለክዒ ዘድሊ መረዳእታ ንምእካብ ዝወፅእ ወፃኢ ዘዋፅእ ድዩ? | | | | |
| እቲ መረዳእታ ኣብ እንደልዮ እዋን ክርከብ ይኽእል'ዶ? | | | | |
| ዝተዳለወ መለክዒ ናይ ሚዛናዊ ሓበርቲ ኣካላት ድዩ? | | | | |
| እዚ መለክዒ ንስኻ ካብ እትቆፃፀሮም ናይ ሓደ ሓደ ተግባራት ውፅኢት ድዩ? | | | | |

ብርኪ 5.4 <u>መወዳእታ ምውሳን</u>

ናይ ሓደ ትካል ስትራተጂያዊ ትልሚ ንምፍፃም እንተተደሊዩ ብሕድሕድ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ/Balance score card / ክፍሊ መወዳእታ ምውሳን የድሊ። እንቐምጦም መወዳእታታት ናብ ስትራተጂያዊ ዕላማታታት ንምብፃሕ ብዝስሕቡ ፣ ብዘተባብዑን ፃዕሪ ብዝሓትት ኩነታት ክቐረፁ ይግባእ። ንኣብነት ካብ ስትራተጂካዊ ዕላማታትና ሓደ ዕግበት ተግልገልትና ምምሕያሽ እዩ እንተይልና፤ ናይ'ዚ መለክዒ ቅሬታ መቕረቢ በዝሒ ተገልገልቲ መሰረት ይኸውን። ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ብወርሒ ብማእኸላይ ቅሬታ ዘቕረቡ በዝሒ ተገልገልቲ 45 እንተኾይኖም ናይ ቐፃላይ ዓመት ቅሬታ መቕረብቲ ንምግማት ወርሓዊ መወዳእታና ብማእኸላይ ካብ 30 ዘይበለፀ ተባሂሉ ክቕመጥ ይካኣል።

ዝቐመጡ መወዳእታታት/መብፅሕታት/ ክትግበሩ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ትካል ስትራተጂያዊ ዕላማታት ተግባራዊ ንምግባር ሕጉሳት ይኾኑ። ስለዚ ዝቐመጡ መወዳእታታት/መብፅሕታት/ ኣፈፃፅማ ትልሚ በቲ ትካል ኣመራርሓ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ናይ ሓባር ስምምዕነት ዝተበፅሐሎም ክኾኑ ይግባእ።

መወዳእታ /መብፅሒ/ ንምውሳን ክልተ መንገዲታት ምጥቃም ንኽእል።

- ናይ'ቲ ትካል ሕሉፍ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብምብጋስ፣
- ብሉፃት ካብ ዝብሃሉ ትካላት ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ መበገሲ ብምውሳድ፣

እዚኦም ክልተ መንገድታት ብምጥቃም ናይ ቐፃሊ መወዳእታና/መብፅሒና ካብ ሕሉፍ ብዝሓሸ መልክዑ ምቕማጥ ይከኣል። እንቐምጦም መወዳእታታት/መብፅሕታት/ ሕድሕድ መለክዒ ሓደ ንሓደ ዝፃምድ ምዃኑ ብምርግጋፅ እንታይ ድልየታት ንምምላእ ከምዝተደለየ ዘርኢ ክኾን ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ሕሉፍ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ እቲ ትካል ብዙሕ ለውጢ እንተዘይ ኣምፂኡ፣ ሐዚ እንቐምጦ መወዳእታ/መብፅሒ/ ዝረአ /ዓብይ/ ለውጢ ንምምፃእ ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ።

ብርኪ 5.5 <u>ምድላው መተግበሪ መርሃ ግብሪ</u>/Action plan/

ብሚዛናዊ ስኮር ካርድ/Balance score card/ ምቕራፅ ናይ መወዳእታን ናይ'ቲ ዑደት መፅፀዊ ምድላው መተግበሪ መርሃ ግብሪ እዩ፡፡ እዚ መርሃ ግብሪ ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ናብ መወዳእታ ዘብፅሑ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ብግልፂ ክቕመጡ ይግባእ፡፡ ናይ መተግበሪ መርሃ ግብሪ፣ ኣብ ውሽጢ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ክፍልታት ዘለው ነገራት ኩሎም ተግባራዊ ዝገብርን መሬት ዘንክእን መሳርሒ እዩ፡፡

መተግበሪ መርሃ ግብሪ ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ዝስዕቡ ነጥብታት ክሕዝ ይግባእ፡፡

- ናብ መወዳእታ ንምብፃሕ ክውሰዱ ዝግበኦም ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት ወይ ተግባራት/Initiatives/ ፣
- ፈፃሚ ኣካል፣
- ጊዜ፣
- ዘድሊ ወፃኢ፣

እቲ ዝዳለው መተግበሪ መርሃ ግብሪ ብላዕለዋይ ኣመራርሓ ክድገፍ ይግባእ

ብኣጠቓላሊ ናይ ውፅኢት ተኮር ብርክታት ስርዓት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ በዞም ዝስዕቡ ስእልታት ምግላፅ ይካኣል፡፡

**መግለፂ ስእሊ 12** **<u>ከይዲ ምፅራይ ቁልፍን ወሰንቲ ተግባራትን</u>**

**<u>ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት</u>**

1. ግልጋሎት መውሃቢ ጨንፈራት/ማእኸላት ምስፍሕፋሕ
2. ፅንዓት ድልየት ህዝቢ ምክያድ
3. ምሽራኽ/ብሓባር ናይ ምስራሕ ባህሊ/ ምፍጣር
4. መሰረታዊ ናይ ኣሰራርሓ ለውጢ ምክያድ/BPR/
5. ስልጠና ኮርስታት ምቕራፅ
6. ፍልጠትን ክእለትን ምዕባይ
7. ትንተና ፖሊሲ ምክያድ
8. ናይ ፅንዓትን ምርምርን ፃዕርታት ምግባር
9. ናይ ርክብ ትልሚ /Plan/ ምህላው
10. ውፅኢት ተኮር በጀት ኣጠቓቕማ ምህላው፡፡

**<u>ናይ መምረፂ ረኚሕታት</u>**

- ዘድሊ ሃፍቲ ኣብቲ ስትራተጂ ዘለዎ ብርኪ ፅዕንቶ/ብርኪ ረብሓ /ፋይዳ
- ዝሽፍኖ በዝሒ ሽቶታት/Multiple objectives coverd/
- ዘድልዮ ግዘ

ምፅራይ

**<u>ንቐደም ጠመተ ክውሃቦም ዝግባእ ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት</u>**

1.
2.
3.
4.




መግለጺ ስእሊ 13 ሰደቓት ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ኣብ ሓደ ምቁማጥ

ብርኪ 5.6 <u>ዝተዳለው መለክዒታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ትኽክለኛ ምዃኖም ምርግጋፅ</u>

መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣዳሊኻ ጠቓምነቶም/Usefulness/ ተግባራውነቶም /Applicability/ ሙሉእነቶም/Completeness/ ወዘተ ምርግጋፅ የድሊ፡፡ ብኣጠቓላሊ ብብርኪ ትካል ተቐባልነት ዘለዎ ምዃኑ ምርግጋፅ የድሊ፡፡ ሜላ ምርግጋፅ'ውን ንቐደም ከመይ ከምዝዳለው ሕቶታት ምልዓልን ካብ መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ እንታይ ከምዝሕሎ ክንቀሳቐስ ይሕግዘና፡፡ ናይ'ዚ ዓይነት ኣሰራርሓ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ እቲ ትካል ዘዳልዎ ጉጅለ /team/ ካብ መጀመሪኡ ተሰማፅነት ዘለዎ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንኽዳልው ይሕግዝ፡፡

## <u>ክፍሊ ሓሙሽተ</u>

## 5 <u>ክትትልን ገምጋምን/Monitoring and Evaluation/</u>

### 5.1 <u>ምፍላይ ዘድልዩ መረዳእታታት</u>

ብብርኪ 5.3 ዝተዳለው መለክዕታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምርካብ ዘኽእሉ ጥረ መረዳእታታት ኣቐዲምካ ምፍላይ የድሊ፡፡ ብቐጥታ ኣፈፃፅማታት ንምልካዕ ዘኽእሉ መረዳእታታት ንምርካብ ቐሊል እንተኾነ'ውን ዕምቆትን ዝተሓላለኹ ኣፈፃፅማታት ንምምዛን ዘኽእሉ መለክዕታት ንምፍላይ ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ምእካብ ይሓትት፡፡ ምኽንያቱ ንእሽተይን ካብ ሓደ ፍልፍል ብዝተረኸበ ሓደ መረዳእታ ኣፈፃፅማ ስራሕ ምልካዕ የፀግም እዩ፡፡ ስለ'ዚ ዝርዝር መረዳእታታትን መምርሕታትን ብምትእኽኻብን ብምጥማርን ዝተሓላለኹን ዕምቆት ንዘለዎም ኣፈፃፅማታት ጥሙር ዝኾነ መዐቀኒ ምድላው ይከኣል፡፡

መረዳእታ ንምእካብ እንትትልም፣ ትልምና ጠቓሚ ኢንፎርሜሽን ንምእካብ ዘኽእል ምዃኑ ንምርግጋፅ ቐፃሎም ዘለው ኣብ ግምት ክኣትው ይግባእ፡፡

- ክንፈትሖ/ክንምልሶ እንደሊ ፀገም/ሕቶ እንታይ እዩ?
- እቲ መልሲ ወይ ፍታሕ ከመይ ተረዲእና ክነፍልጦ?
- እንታይ ዓይነት ሜላ ትንተና መረዳእታ ንምጥቃም ንሓስብ?
- እዚ መረዳእታ ብኣየናይ ብርኪ ከይዲ ምርካብ ይካኣል?

- እቲ መረዳእታ ካበይን ካብ መንን ምርካብ ይካኣል? መረዳእታታት ኣፈፃፅማ ትልሚ፣ እቲ ግልጋሎት ወይ እቲ ስራሕ ካብ ዝስርሐሉ ፍልፍል ምእካብ ይግብኦም። ምኽንያቱ፣
    - ግልጋሎት ዘፈር ስራሕ/ ፍርያት ቀረባ ዝኾኑ ብዛዕባ እቲ ዘፈር ስራሕ ካብ ማንም ዝሓሸ ስለዝፈልጦ፣
    - እቲ ዝህብዎ ግልጋሎት ምስ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ዘጋጥም ፀገም ቀልጢፍካ ምፍላይን ዝሓሸ ፍታሕ ምሃብ ስለዝኽእሉን፣
    - ካልእ መረዳእታ ኣካቢ ንምስልጣን’ውን ዝለዓለ ወፃኢ ስለዝሓትት እዩ።
    - እዞም መረዳእታታት ብቐሊሉ ብንእሽተይ ስሕተት ብኸመይ ምእካብ ንኽእል?
    - ንሓዋሩ ትንተና ሓጋዝን/ Reference/ ምጥቃምን ኮይኑ ክገልግል እንታይ ተወሳኺ መረዳእታ የድሊ?

ዝብሉ መሰረታዊ ሕቶታት ኣብ ግምት ክኣትው ይግባእ።

5.2 እንእክቦ መረዳእታ ንምውሳን ክልዓሉ ዝግብኦም ሕቶታት

- ኣብዚ ሐዚ ስዓት እንታይ ዓይነት መረዳእታ ኣኪብና? ንድልየትና ኣዕጋቢ ድዩ? ብኸንደይ ዝኣክል ዕሬትን ወፃእን ኣኪብና?
- እንታይ ሓዱሽ/ተወሳኺ/ መረዳእታ ይእከብ?
- ሐዚ ብዘሎ ሜላ ምእካብ መረዳእታ ዝንተዝእከብ እንታይ ፀገም የጋጥመና?
- ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ሐዚ ብዘለዎ ናይ ምእካብ ፃዕሪ ምሽፋን ይካኣል’ዶ?
- ካብ ዘለው ሜላታት ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ክተርፍ ዝግብኦ ኣይናይ እዩ? ንምንታይ?
- ዝተኣከበ መረዳእታ ንምትንታን ዝሕግዝ ኮሚዩተርን ካልኦት ፕሮግጋማትን ኣለው’ዶ?
- መረዳእታ ንምእካብ እንታይ ዓይነተ ቕጥዒ/Form/ የድሊ?
- እቲ መረዳእታ ንምምሕዳር/Manage/ ዘኽእል እንታይ እታወት/ሃፍቲ/ የድልየና?
- ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ንምልዋጥ እንትድለ እንታይ ማሕለኻታት ይህልው? /ንኣብነት በጀት፣ ቴክኖሎጂ፣ ልምዲ፣ ፖለቲካ፣ ውልቃውነት፣ ወዘተ/
- መረዳእታ በቢ ክንደይ ግዘ ይእከብ? ብሰሙን? ብወርሒ? በቢ ርብዒ ዓመት? ብዓመት? ብተኸታታሊ?
- ፅቡቕ መረዳእታ ንምእካብ ዝኾኑ መለክዒ ኣፈፃፅማ ፀባያትን ኣቐዲምካ ምሕሳብ ይግበኣና። እሳቶም’ውን ፡-
    - ግልፂ

- o ትርጉም ዘለዎ
- o ግቡእ
- o እዋናዊ
- o ዝተኣማምን
- o ወፃኢ ዝቕንስን
- o ትኽክለኛን

ዝኣመሰሉ የጠቓልል።

ኣብ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ግልፂ ኮይኑ ዝረአ ፀገም ወይ ስሕተት ናይ'ቲ መረዳእታ ወገንነት/bias/ እዩ። መረዳእታ ትኽክል፣ ዝተረጋገፀን ዘየዳሉን ክኾን ይግባእ። ሜላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ እንትንፈልን እንተነተግብርን ርግፀኛ ዘይኮንሉ ምውፃእ ይግብኦም። ሜላ መረዳእታ ምእካብን ምትንታንን ናይ'ቲ መረዳእታ ተኣማናይነትን ትኽክለኛነትን ዘንፀባርቕ ክኾን ኣለዎ።

ትንተና መረዳእታ ንትካላት ኣፈፃፀማ ትልሚን ምምሕያሽ ክትትል ብምግባር ንኣካላት ኣመራርሓ ጠቓሚ እዩ ዝኸውን፡-

- ➢ እቲ መረዳእታ ንምጥቃም ብዝጥዕምን ገላፂ ብዝኾነ ፎርማት እንትዳሎ/ናይ ኣፈፃፀማ መረዳእታ ብቐሊሉ ክርድእዎ ዝክኣል መብዛሕትኡ ግዘ ብግራፍ እንትቐርብ እዩ።/
- ➢ ትንተና መረዳእታ ውፅኢት ሙሉእ ብሙሉእ ንምርዳእ እኹል ግዘ እንትህልዎም፣
- ➢ እቲ ኣመራርሓ መረዳእታታት ኣፈፃፀማ ትልሚ ንምጥቃም ዘኽእሎ ስልጠና ዝረኸበሉ ኩነታት እንትመቻቸው፣
- ➢ እቲ ኣመራርሓ ንሪፖርት ዘድልዮ ዓይነት መረዳእታ ኣፈፃፀማ ትልሚ ፈልዩ እንትፈልጦ እዩ።

### 5.2.1 <u>ሓላፍነት ምሃብ</u>

- ከይዲ ምዘና ኣፈፃፀማ ትልሚ ቐፃልነት ክህልዎ ካብዚ ንታሕቲ ንዝተዘርዘሩ ተግባራት ሓፈላፍነት ዝወስዱ ሰራሕተኛታትን ውሳነ ዝህቡ ኣካላት ክፍለዩ ይግባእ። እዚ'ውን
  - o መረዳእታ ንምእካብ፣
  - o እቲ መረዳእታ ንምትንታንን ውፅኢት ኣፈፃፀማ ትልሚ ሪፖርት ንምግባርን፣ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣፈፃፀማ ትልሚ ካብ ዝተቐመጠ ዕላማን ምስ ሸቶ ኣፈፃፀማ ትልሚ ንምንፅፃር፣
  - o ከም ኣድላይነቱ ናይ እርምቲ ስጉምቲ ንምውሳድን፣
  - o እቲ ለውጢ ንምቕፃል/ንምትግባር/ ይኸውን።

- ሕድሕድ ሓላፍነት ዝተውሃቦ ሰብ:-
  - ዝድለ ዕላማን ሸቶታትን ክፈልጥ ኣለዎ፣
  - መበገሲኡን ዝበፅሑሉ ብርኪ ኣፈፃፅማ ትልሚ ክፈልጥ ኣለዎ፣
  - ኣፈፃፅማ እቲ ትልሚ ካብ ዝተቐመጠ ብርክን ዕላማን እንድሕር ዘይተጠዓዓመ ስጉምቲ ንምውሳድ ስልጣን ክህልዎ ይግባእ:: ምኽንያቱ ሓላፍነት ብዘይ እኹል ስልጣን ምሃብ ዝረከብ ውፅኢት የንእሶ::

### 5.2.2 <u>ዝተረኽበ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምፍታሽን ምልካዕን</u>

ብመሰረት ዝተኣከበ መረዳእታ መደምደምታ ቅድሚ ምሃብና ቐፂሎም ዘለው ሕቶታት ምልዓል ይግበአና::

- ዝተኣከበ መረዳእታ ቅድም ክብል ንዝተልዓሉ ናይ ኢንፎርሜሽን ሕቶታት መልሲ ይህበና’ዶ?
- ኣብ ውሽጢ ከይዲ ምእካብ መረዳእታ ናይ ወገናውነት/bias/ ንምንባሩ መረጋገፂ ኣለና’ዶ?
- ብትልሚ ክእከብ ዝተትሓዘ መረዳእታ መጠንን ቐፅርን ዝተኣከበ መረዳእታ እኹል ድዩ? እንተዘይኮኑ ንምንታይ?
- ኣብ ትርጉም ዘለዎ መደምደምታ ንምብፃሕ እኹል መረዳእታ ኣለና’ዶ?

ድሕሪ ምእካብ ጥረ መረዳእታ ቐፂሉ ስራሕ ትንታነ ይኸውን:: መብዛሕትኡ ግዘ ዝተኣከቡ መረዳእታታት ቀንዲ መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣይኮኑን:: ምኽንያቱ እቶም መለክዕታት መሰረቶም ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾነ ጥረ መረዳእታ እዩ:: ስለዚ ጥረ መረዳእታታት መለክዒ ኣፈፃፅማ ትልሚ ብዝኾንሉ ኩነታት ምትእስሳር ይሓትት::

## 5.3 <u>ኣተሓሕዛ መረዳእታ፣ክትትልን ስርዓት ሪፖርት ኣተገባብራን</u>

ምሓዝ መረዳእታታት ኣፈፃፅማ ትልሚ፣ ምክትታልን ሪፖርት ምግባርን እዞም ዝስዕቡ ጥቕምታት ይህብ:-

- ሓለፍቲ ናይ ትልሞም ዕውትነት ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዝበፅሐ ንምድህሳስ ወይ ንምግምጋም ዘኽእል መረዳእታ ክረኽቡ፣
- እቲ ትካል/ ዘፈር ስራሕ ትልምታት ከመይ ብፅቡቕ ኩነታት እናተፈፀሙ ምዃኖም ንናይ ውሽጥን ደገን ኣካላት ንምፍላጥ እዩ::

እቶም ትካላት ቀዋሚን ተኸታታልነት ዘለዎ መረዳእታ ምእካብን ሪፖርት ምግባርን ንክኽእሉ ናይ ባዕሎም መረዳእታ ንምሓዝን ንመከትታልን ሪፖርት ንምግባር ዘኽእሎም ሜላ/ብልሓት/ ክደልዩ ክበረታትዑ ይግባእ፡

መረዳእታ ምሓዝ/ምምዝጋብ/ እንተዘይተኻኢሉ  ሓላፍነትን ተሓታትነትን ኣይህሉን፡፡ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ካብ ደኩመንትታት ኣይሓልፍን፡፡ ምሓዝ መረዳእታን ምእካብን ኩሉሻዕ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ/bottom -up/  ዝግበር ክይዲ እዩ፡፡ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ እቲ ትልሚ ክፍዕም ሓላፍነት ዝተውሃበ ውልቀ ሰብ ወይ ጉጅለ ክይዲ ክትትል ቀንዲ ኣካል ይኸውን፡፡

ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ክይዲ ምትንታን መረዳእታ ምስ ተወድአ ሪፖርት ይዳሎ፡፡ መረዳእታ ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ነቲ ተፀዋዕቲ፣ ሓለፍቲ ዘፈር ስራሕን ሰራሕተኛታትን ከምኡ'ውን ንናይ ደገ ዓማዊልን የእትወና ብሃልቲ/Stakeholders/ ፖሊሲ መውፃእትን ካልኦት ትካላት ሪፖርት ይግበር፡፡ ናይ ሕድሕድ ትካል ናይ ውሽጢ ሪፖርት ድልየቱ ይውሰን፡፡ ከምኡ'ውን ንናይ ደገ ኣካላት ከምኣድላይነቱ ናይ ኣፈፃፅማ መረዳእታታት ኣብ ዝተሓተተ እዋን የቕርብ፡፡

### 5.3.1 ምድላው ሰነድ መረዳእታ መአከብን መትሐዝን

እቲ ዝዳለው ነሰድ ናይ መረዳእታ መአከብን መትሐዝን ዘስዕብ ክሕዝ ይግባእ፡-

- ዕላማታ፣
- ሽቶታት፣
- ስትራተጂታት/መርሃ ግብሪታት/፣
- እቲ ትልሚ ንምትግባር ሓላፍነት ዝወሰዱ ዘፈር ስራሕ/መምርሒ፣ ጉጅለ፣ ናይ ስራሕ ክፍሊ፣ ወዘተ/፣
- ንርኢቶ ወይ ክሳብ ሐዚ ንዝተወሰዱ ናይ መስተኻኸሊ ስጉምቲ መብርሂ ንምትእንጋድ እኹል ቦታ፣
- ሐዚ ዘለዎ ብርኪ ዘረድእ ኢንፎርሜሽን ክሕዝ ይግባእ፡፡

ዝተሰርሐ ይኹን ዘይተሰርሐ ሪፖርት ክግበር ኣለዎ፡፡

*ንኣብነት*

- ኣብቲ መርሃ ግብሪ ዝተቐመጡ ቅደም ስዓብ ዝተቐመጠሉ እዋን ተወዲኡ እንተኾይኑ እቲ መረዳእታ ኣብቲ ሪፖርት ክኣቱ ኣለዎ፡፡
- እቲ መርሃ ግብሪ ብዝተቐመጠሉ እዋን እንተተወዲኡ ዝሕሎ ውፅኢት ምርካቡን ዘይምርካቡን ሪፖርት ይግበር፡፡
- ነገራት ብመሰረት ትልሚ እናኸዱ እንተዘይኮይኖም ሪፖርት ብምግባር ምኽንያቶም እታዎት/Input/ ብምስኣን ይኹን ንቐደም ክትግበር ዝግብኦ ወሰንን ስትራተጂክ ዝኾነ ዋኒን ምንባሩን፣ ወይ መጀመሪያ ዝተቐመጠ ናይ ግዘ ሰሌዳ ትኽክል ብዘይምኳኑ ከምዝኾነ ክግለፅ ኣለዎ፡፡

ብተወሳኺ ፀገማት ሪፖርት ምግባር እቲ ኣመራርሓ ኩነታት ንምስትኽኻል ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ክውሰድ የኽእሎ፡፡ ነስተውዕል ኣፈፃፀማ ትልሚ እንትንከታተልን እንትንገምግምን መበገሲና ብውፅኢት ዝደኸሙ ንምቕፃዕ እንተይኮነስ ብዝተኸኣለ ኣፈፃፀማ ትልሚ ድልየት ዓማዊልና ነዕግብ ምኽኣልና ንምርግጋፅ እዩ፡፡

### 5.3.2 <u>መረዳእታ ኣፈፃፀማ ትልሚ ንናይ ደገ ኣካላት ሪፖርት ምግባር</u>

መረዳእታ ኣፈፃፀማ ትልሚ ኣመልኪቱ ንየእትወና ብሃልትን ንዓማዊልናን ዝግበር ሪፖርት መንግስቲ፣ ናይ ፌደራል ክልልን ትካላት፣ ሕጊ መውፃእቲ ኣካላት፣ ናይ ውልቀ ትካልትን ናይ ንግዲ ትካላት ክጠቓልል ይኽእል፡፡ ምስናይ ደገ ኣካላት ኣብ ዝግበሩ ሪፖርትታት እንታይ ክጠቓልል ከምዘለዎ ኣብ እንውስነሉ እዋን፣

- ሕድሕድ ትካል ወይ ዘፈር ስራሕ ውሽጣዊ ተሓታትነት ንምምዛን ዝጥቀመሎም መለክዕታት ምምርማር፣ ካብዚኦም ውሽጢ ብዓይኒ ፖሊሲ መውፃእቲ ኣካላት ኣየኖት ብዝበለፀ ጠቓሚ ከምዝኾኑ ምፍላይን ቑልፊ ናይ ትልሚ መመዘንታት ዓመታዊ በጀት ትልሚ ምስ ናብ ወፃኢ ካብ እንልእኾ ሰነድ ትልሚ ሓዊሱ ሪፖርት ምግባር፣

- ብዛዕባ እቲ ትካል/ዘፈር ስራሕ ብግልጺ/ብቑዕሪ/ ዝተቐመጠ መረዳእታ እንትነቕርብ ወይ እንትነፍልጥ ሚዛናዊ ንምግባር ምፍታንን ዕላማ ዕውትነት፣ ናይ ዕውትነትን ናይ ዕሬት መመዘንታት ንወሳነ ወሃብቲ ኣካላት ብጣዕሚ ጠቓሚ ምኺኖም ምርዳእ።

- ንፖሊሲ መውፃእቲ ዝውሃቡ ሪፖርትታት ሓፂርን ግልፅን ምግባር፣
- ብዙሕ ግዘ መረዳእታታት ብመልክዕ ግራፍ እነቕምጦ/እነቕርቦ ሪፖርት ዝበለፀ ግልፅን ተነባብን ይኸውን። ስለዝኾነ ውፅኢቱ ንምርዳእ ብዝኸእል መልክዑ ተወሳኺ መብርህታት/መግለፂታት/ ብምውሳኽ መረዳእታ ብግራፍ ምቕራብ ጠቓሚእዩ።

ንናይ ደገ ኣካላት እነቕርቦ ሪፖርት እንትጻለው ተደራሲ ብዛዕባ ትካልና ወይ ዘፈር ስራሕና እንታይነት፣ እንታይ ከምእንሰርሕ፣ እቲ ትልሚ ንምንታይ ከምዝተዳለየ ወይ ከመይ ከምዝስራሕ ከምዘይፈልጥ ሓሲብና ክኸውን ኣለዎ። የግዳስ እንታይ እናሰርሐ ከምዘሎ መንበብቲ ክርድኦም ብዘክኣል መልክዑ እንገልፀሉ ሜላ ምትላምን ብዛዕባ እቲ ትካል ዕላማን ልኡኽን ጥቕልል ብዝበለ መዕልክዑ ብዝሓሸ ክገልፅ ዝኸእል ቋንቋ መሪፅና ንጥቃም ይግበኣና። ብኻልእ መልክዑ ድማ ብዝተኸኣለ መጠን ቴክኒካል ዝኾኑ ኣሕፅሮተ ቃላት ካብ ምጥቃም ምዕቃብ ጠቓሚ እንትኾን እዚኦም ቴክኒካልን ኣሕፅሮተ ቃላትን ንምጥቃምኸ ኩነታት ዘገድደና እንተኾይኑ ግና ትርጉሞም ብዘይዋቕዕ መንገዲ ብግልፂ ምቕማጥ ኣድላይ እዩ።

### 5.3.3 <u>መስተኻኸሊ ስጉምቲታት ምውሳድ ኣድላይ እንተኾይኑ ምውሳድ</u>

ብጭቡጥ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ኣቐዲምካ ካብ ዝተቐመጡ ሽቶታት ዕላማታትን ምስ ኣነፃፀርና ከም ኣድላይነቱ ዝተፈላለዩ መማረፂታት ክንወስድ ንኽእል።
- ነገራት ከምዘለውዎ ኣብ ዘለውሉ ክንገድፎም ንኽእል።
- ናይ መስተኻኸሊ /መመሓየሺ/ ስጉምቲ ኣጻሊኻ ተግባራዊ ምግባር ይካኣል።
- ሽቶታትን ዕላማታትን ዝበለፀ ፈታኒ/ዓዕሪ ዝሓቱ/ ክንገብሮም ንኽእል

ኣብ መንጎ ምዘናን ኣቐዲምካ ብዝተትሓሓዙ ሽቶታትን ዘሎ ፍልልይ ትሑት ኮይኑ እንተተረኺቡ ምናልባት ከይዲ ኣሰራርሓ ፅቡቕ ክብሃል ይካኣል። ነገር ግን ዕላማታትን ሽቶታትን ዝበለፀ ፈተንቲ/ዓዕሪ ዝሓቱ/ ንምግባር ከም ብሓዱሽ ምፍታሽ የድሊ። ብኻልእ መልክዑ ድማ ኣብ መንጎ ምዘናን ኣቐዲምካ ብዝተትሓዙ ሽቶታትን ዘሎ ፍልልይ ልዑል ኮይኑ እንተተረኺቡ ኣብ ውሽጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ፀገም ክህሉ ስለዝኽእል ናይ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ብምድላው ተግባራዊ ምግባር ይሓትት። ኣብ መወዳእታ ከይዲ ኣሰራርሓ ለውጢ

እንተተገይሩ ኣቐዲሞም ዝተዳለው ሽቶታትን ዕላማታትን ቐፃልነት ዘለዎም ምዃኖም ንምርግጋፅ መሊስካ ምምርማርን ምስትኽኻልን ኣድላይ እዩ::

መስተኻኸሊ ስጉምቲ ምውሳድ ዝስዕቡ ዕላማታት ኣለውዎ:-

- ጎደሎታት እንትርኣዩ ንምእላይ፣
- መንቀሊ ጎደሎታት ዝኾኑ ፀገማት ፈሊኻ ንምእላይ፣
- ጎደሎታ ከይርኣዩ ዘኽእል ብርኪ ከይዲ ኣፈፃፅማ ንምፍጣር፣
- ከይዲ ኣሰራርሓ ዕውትነትን ውፅኢታውነትን ንምቅልጣፍ ወዘተ እዮም::

## 5.3.4 መመዘንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ከምብሓዱሽ ምምርማርን ምምሕያሽን

ፅቡቕ ዝኾኑ መመዘንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ምድላው ቀስ እናበለ ዝዓብን ብኸይዲ እንዳተመሓየሸ ዝመፅእ ኣሰራርሓ እንትኾን እቶም መመዘንታት በቢ ግዚኡ እናተርኣዩ ምምሕያሽን ከምኣድላየነቱ ካብ ጭቡጥ ተሚክሮታት ብምልዓል ምልዋጥ ይዳልዩ::

መመዘንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ከምብሓዱሽ ምምርማርን ምምሕያሽን ኣቐዲምካ ዝስዕቡ ሕቶታት ምሕታት የድሊ::

- መስተኻኸሊ ስጉምቲ የድሊ እንተይልና በዚ ሐዚ ስዓት እንጥቀመሎም መመዘንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ እንታይ ዓይነት መስተኻኸሊ ክንገብረሎም ይግባእ?
- ኣብዚ ሐዚ ስዓት እንጥቀመሎም መመዘንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ፅዕንቶ ከብፅሑ ዝኽእሉን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተርኣዩ እንታይ ለውጥታት ኣለው?
- ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምምዛን ኣብ እንፍትነሉ እዋን ዝጋጠሙና ፀገማት እንታይ እንታይ ነይሮም?
- ኣብ ኣተኣኻኽባ መረዳእታናን ሜላ ትንተናናን እንታይ ዓይነት ለውጢ ምግባር የድልየና? ብምዘና ዝተረኸበ መረዳእታ ነቲ ትካል ኣመራርሓን ሰራሕተኛን፣ ንላዕለዋይ ኣመራርሓ፣ ነቲ ትካል ስራሕ ክፍልታት፣ ንዓማዊልናን የእትወና ባሃልትን ጠቓሚ እዩ ድዩ?
    - ሪፖርትታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብከመይ ግልፅን ቀሊልን ምግባር ይካኣል?
    - ብዙሓት መመዘንታት ኣለው’ዶ ወይስ ተወሰኹቲ መመዘንታት የድልዩና?

ብኣጠቓላሊ መመዘንታት ኣፈፃፅማ ትልሚ ብምድላው፣ ብምምሕያሽን ኣፈፃፅማ ሪፖርት ኣብ ምግባር ኩሉ ግዘ ፀገማት ክፍጠሩ ከምዝኽእሉ ኣቐዲምካ ምሕሳብ ሳይንስ ኣመራርሓ ስራሕ ሓደን ቁልፊ ፀባዩ ክኾን ዝግብኦ እንትኾን ብኻልእ መዳይ ድማ ትካላት ብዝኾነ ከይዲ ኣሰራርሓ ድልየት ዓማዊልን የእትወና ባሃልቲን ኩሉሻዕ ካብ ኣእሙሩኦም ምውፃእ ኣይግብኦምን። ኣብ መወዳእታ ኩሉሻዕ ከይዲ ኣሰራርሓ ዓብይን እቶም መመዘንታ ድማ ካብ ተሞክሮ እንዳተመሓየሹ ዝኸዱ ምኺኖምን ፅሬት ዘለዎም መመዘንታት ኣፈፃፅማ ስራሕ ንምድላው እንጥቀመሎም ብርክታት/Steps/ ንዓበይቲ ኮነ ንኣናእሽተይ ትካላት ብተመሳሳሊ መንገዲታት ምጥቃም ዝካኣል ምኺኑ ምርዳእ የድሊ።

# ኣብ ውፅኢት ተኮር ስርዓት ኣመራርሓ ስራሕ

ምዕቃን ኣፈፃፀማ ስራሕ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ቤት
ዕዮ/ትካል/



ናይ ስልጠና ማንዋል

ጥሪ 1998

## መእተዊ

ፕሮግራም ምምሕያሽ ስቪል ሰርቪስ ምትእትታው ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ ናይ ሰራሕተኛታት ውፅኢት ኣፈፃፅማ ትልሚ ንምዕቃን ዘኽእል መምርሒ ምዘና ውፅኢት ተኮር ኣፈፃፅማ ትልሚ ሰራሕተኛ ተዳልዩ ኣብ ምትግባር ይርከብ።

ይኹን'ምበር ናይ ሰራሕተኛ ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ብምዕቃን ጥራሕ ኣብቲ ሲቪል ሰርቪስ ውሽጢ ዝተማልአ ስርዓት ኣመራርሓ ኣፈፃፅማ ስራሕ ከምፅእ ስለዘይክእል ጎና ጎኒ ካልኦት ተዛመድቲ ዝኾኑ ስርዓታ ኣማሊእኻ ናይቲ ሲቪል ሰርቪስ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ብምምሕያሽ ብመንግስቲ ዝተጀመሩ ናይ ልምዓት፣ ናይ ዲሞክራሲን ናይ ሰናይ ምምሕዳር ፕሮግራማት ሓገዝቲ ሓይሊ ብምግባር ይውዓል ይሓድር ዘይብሃል ተግባሩ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

ብምኺኑ'ውን ውፅኢታዊ ዝኾነ ስርዓት ኣመራርሓ ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣብቲ ሲቪል ሰርቪስ ውሽጢ ንምምስራት ክማልኡ ካብዘለዎም ስርዓታት ሓዲኡ ዝኾነ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ትካል ምስ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ውፅኢት ተኮር ሰራሕተኛታትን ምስ ካልኦት ተዛመድቲ ስርዓት ብምውዳድ ኣብ ተግባር ንምውዓል እዚ ናይ ትካል ወይ ቤት ፅዮ ስርዓት ኣተዓቓቕና ኣፈፃፅማ ትልሚ ሰነድ ተዳልዩ ይርከብ። እዙይ ናይ ስልጠና ማንዋል ዝተዳለወሉ ዋና ዕላማ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ጥንኩርን ድኹምን ኣፈፃፅማ ስርሖም ንምዕቃን/ንምፍላጥ/ ታይ ክገብሩ ከምዘለዎምን ነዚ ንምግባር'ውን ብኸመይ ክፍፅምዎ ከምዘለዎምን ብሞዴል ዝተሓገዘ መብርሂ ንምሃብ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ብተኸታታሊ ምስተገምገመን በቢ ብርኩ ብዘለው ሓለፍትን ሰብ ሞያን ማዕቢሉ ኣብ ስራሕ ክውዕል ትፅቢት ይግበረሉ።

እዚ ናይ ስልጠና ማንዋል እዙይ ኣብ ሓሙሽተ ዋና ዋና ክፍልታ ዝተዋቐረ ኮይኑ ክፍሊ ሓደ ብዛዕባ ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ስራሕን ኣመራርሓ ኣፈፃፅማ ትልሚ ታይነት ይሕብር። ክፍሊ ክልተ ብዛዕባ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ እንትኸውን እቲ ሳልሳይ ክፍሊ ድማ ምጅማር ዝተዋደደ ስርዓት ምዕቃን ኣፈፃፅማ ትልሚ ይገልፅ። ኣብ ክፍሊ ኣርባዕተ ሚዛናዊ ስኮር ካርድ ተጠቒምካ ናይ ትካል ኣፈፃፅማ ትልሚ ምዕቃን ዝከኣለሉ ኹነታት ብሞዴል ዝተሓገዘ መብርሂ ይህብ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ናይ ክትትልን ግምገማን ስርዓት ብዝምልከት ኣብ ክፍሊ ሓሙሽተ ተገሊፁ ኣሎ።